
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.260 ዓርቢ 30 ሰነ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ግላኮማ እንታይ እዩ?



ገጽ 4
ህይወት፡ ድሕሪ ምርሻን


ገጽ 5
ኣገደስቲ ኣጥብታት ኣብ ጥዕና


ገጽ 7
ሃገራዊት ጋንታ ገምጋም ኣካይዳ


# ማእከል - ምምሕዳር ከባቢ ትረድሺ-ጠማምየ ዝተሃንጸት ዲጋ ተመሪቓ





ኣብ ዞባ ማእከል - ምምሕዳር ከባቢ ትረድሺ-ጠማምየ ብልዕሊ 5.5 ሚልዮን ናቕፋ ዝተሃንጸት ዲጋ፡ ብ28 ሰነ ተመሪቓ።

ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ኣዛዚ እዚ ማእከል ብርጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይን ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃንን ኒታ ዲጋ ድሕሪ ምምራቖም፡ ኩነታታ ተዓዚቦም።

ኣብ ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻዊ ትሕተቅርጺ ኢንጅነር ኣብርሃም ዳንኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እታ ዲጋ - ብምውህሃድ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻን ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎን ኣብ ወርሒ ሕዳር 2021 ክምእተጀመረት ጠቒሱ፡ ኣብ መጋቢት ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ምስ ኣባላት ክፍሉ-ሰራዊት 39 ብምትሕብባር ማስርሕ ህንጻታ ከምእተዛዘመ ኣብሪሁ።

እዛ ልዕሊ 15 ሜትሮ ብራኸን 65 ሜትሮ ጉድኒን ዘለዋ ዲጋ፡ ልዕሊ 100 ሽሕ ሜትሮ ኩብ ማይ ክትክዝን ዓቕሚ ዘለዋ ኮይና፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣስታት 70 ሚእታዊት ማይ ብምውህላል፡ ነቲ ከባቢ ማስተርሃ ፈጢራ ምህላዋ'ውን ገሊጹ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ብወገኑ፡ ምምሕዳር ዞባ ኣብ'ዚ ሐሊፉ ዘሎና ዓመት፡ ኣብ ዓዲ-ቁ፡ ዓዲ-ሓወሻ፡ ኣፍደዩን ጠማምየን ዲጋታት ንምስራሕ መደባት ሒዙ ከንቀሳቐስ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ቀጻሊ ምኽኑ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ ድማ፡ ምስ ምዝዛም ህንጻት ናይ'ዛ ዲጋ፡ ደረቒ ዝነበረ ዒላታት ከምዝመልኣን ኣብ ልምዓት ጀራዲን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎን ብምግላጽ፡ ኣብ ህንጻት'ታ ዲጋ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣማስጊኑ።

ኣብ'ቲ ናይ መመረቕታ ስነስርዓት፡ ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ፡ ኣቦመንበር ባይቶ ዞባ ማእከል ኣቶ ኣብርሃም ስመረን ዕድመ ዝተገበረሎምን ተረኺቦም ነይሮም።

ምምሕዳር ከባቢ ትረድሺ-ጠማምየ፡ ካብ ኣስመራ ንደቡባዊ ምብራቕ ኣስታት 14 ኪሎ ሜተር ርሒቓ ትርከብ።

## ኣምሰሉነት ኪኽሻሕ ከሎ

ኣብ'ዚ ሰሙን'ዚ መንግስቲ ፈረንሳ፡ "ራምብል" ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ (Rumble online video platform) ኣብ ሃገሩ ኣገልግሎት ከይህብ ኣጊዱ። መንግስቲ ፈረንሳ፡ እቲ ማዕከን ዝዘርግሖ ሓበሬታ "ንሃገራዊ ድሕነት ፈረንሳ ሓደጋ'ዩ፡ ብሕልፊ ምስቲ ዝመጽእ ዘሎ እዋን ምርጫ ተኣሳሲሩ ሰግኣት'ዩ" ብዝብል ምኽንያት እዩ ከምዝኣገዶ ብወግዒ ኣፍሊጡ።

እዚ ስጉምቲ'ዚ ብሓንቲ ኣፍሪቃዊት ሃገር ተወሲዱ ነይሩ እንተዝኸውን እንታይ ኮን ምሰማዕና? ኣምሰሉነት ምዕራባዊ ዓለም ዝፈልጥ ኩሉ ክግምቶ ዝኽእል'ዩ። . . .ማዕከናት ዜና ምዕራብ ነውሪ ከምእተፈጸመ ዳንኬራ ምተኸሉ፡ እተን ንኡበሰን "ተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰል" ኢለን ዝጽውዓ መጋበርያ ዓለማዊ ዕብለላ ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ መሰል ሓሳብካ ምግላጽ ኣዝዩ ዘሰንብድ ግህሰት ከምእተፈጸመ ኣምሲለን ኣእዛን ማሕበረሰብ ዓለም መደንቆራ። ብኣንጻሩ ግን፡ መንግስቲ ፈረንሳ ወይ ካልኦት ዓብይቲ መንግስታት ምዕራባዊ ዓለም ከምኡ ዓይነት ስጉምቲ ክወስዳ እንከለዋ፡ ሰሚዕካ ከምዘይሰማዕካ ምስቃጥ ልሙድ'ዩ። ንሃገራዊ ድሕነት ኤውሮጳዊት ሃገር ሓደጋ ክሰብ ዝኾነ፡ ቅቡልን ኣድላዪን እዩ።

ፈረንሳ፡ ሓንቲ ካብ መስረትቲ ሕቡራት ሃገራትን ኣጽደቕቲ ቻርተሩን እያ። ኣብ ባይቶ ጸጥታ ናይ ቀዋሚ ኣባልነት መንበር ዘለዋ ብምዃና፡ ነቲ ቻርተር ብጽኑዕ ክሕልዋኦ (ንክፀለን ኣብኡ ኮይኑ) ትጽበ ካብ ዝኾበረለን ሃገራት ሓንቲ እያ። ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ዓንቀጽ 9፡ "ነፍሲ ወከፍ ሰብ ርእይቶኡን ሓሳባቱን ናይ ምግላጽ ናጽነት ኣለዎ፤ እዚ መሰል'ዚ ብዘይ ጣልቃ ርእይቶኻ ምሓዝ፡ ሓበሬታ ምርካብ፡ ብዝኾነ ሚድያ ሓሳብካ ብዘይገደብ ምግላጽ ዘጠቓልል'ዩ" ይብል።

መንግስቲ ፈረንሳ ዝወሰዶ ስጉምቲ እምበኣር፡ ብመንጽር ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ንመትከላት ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣድማሳውያን ሕጋጋትን ዝጥሕስ እዩ። ፈረንሳ እትኣክል ዓባይ ሃገር፡ ብሓደ ብሕታዊ መርበብ ሓበሬታ ሰጊኣ፡ ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ ክትወስድ መርመም እኳ እንተኾነ፡ ከም ተርእዮ ግን ሓድሽ ኣይኮነን። ንቡርን ልሙድን ክስተት እዩ። ምኽንያቱ እቲ ምኡዝ ስብከት ዝቐደለ፡ ኣብ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ኮነ ኣብ ካልኦት ኣድማሳውያን ሕጋጋትን ውዕላትን ዝሰፈረ በብዓይነቱ ኣሰማት ዝተዋህቦ መሰል ሓርነታት፡ ኣብ ልዕሊ ድኹማት ህዝብታትን መንግስታትን ዝሰገደ እምበር፡ ንዓንተራራት ግድን ዝቕይድ ኣይኮነን። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ብስሩ ክርጥረጥ ወይ ድማ ክምዝጥዕመካ ጌርካ ክስርሓሉ ዝኽእል እዩ። ከምዚ ዓይነት ሓለፋ ዘለወን ሃገራት ከኣ ውሑዳት እየን። ካልኦት መንግስታት ዓለም፡ ንሃገራዊ ድሕነተን ዝሰግእ ከበድ ሓደጋ እውን እንተገጠመን፡ ከምኡ ዓይነት ስጉምቲ ክይወስዳ ኩነናት እየን።

ናይ ቀረባ ኣብነት ክንዝምልከት ንኽእል ኢና። ኣሽቀልቲ ወያነ፡ ብዋጋ ህልቂትን ስቓይን ህዝብታት፡ ሰለስተ ተኸታታሊ ዕንደራ ቅብጸት ኣብ ዘካይደሉ ዝነበሩ እዋን፡ ሃገር ክፍንጥሕ፡ ዞባዊ ሰላም ክህውጽ ዝኽእል ርኡይ ሓደጋ ተፈጢሩ እናሃለወ፡ ኣብ ልዕሊ ሚድያታት ስጉምቲ ከይወሰደ ዝዙበሩዎ ዝነበሩ ጸቕጢ፣ ብማዕከናት ዜናኦም ኩናት ንምግሃር ዘፍሕዎ ዝነበሩ ኣደንቋሪ ፕሮፓጋንዳ፡ ነቲ ዓንዳሪ ከም ግዳይ ኣምሲሎም ዘካይድዎ ዝነበሩ ዘመተ 'ጀኖሳይድ' ኩሉ ዝዝከሮ እዩ።

ኣምሰሉነትን ግብዝነን ምዕራባዊ ዓለም ዓዲ ሕንከት የብሉን። ሃገራት ምዕራብ ናብቲ ሕጂ በጺሐንኦ ዘለዋ ደረጃ ምዕባለ ንምብጻሕ፡ ክንደይ ዝኣክል ሃብቲ ካልኦት ህዝብታት ዘረፋ፡ እንታይ ዓይነት ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ፈጺመን ታሪኽ ዝሰከዶ'ዩ። ኣበረ ምዕራባውያን ግና፡ "ዝኣኽለን ጥሒኽን በዓል ይብላ" እዩ። እቲ ጸቡቕ ነገር ግዱ ሎሚ ህዝቢ ዓለም ነቲ ብምስሉይ ስብከት ቀልቢ የዋሃት ክስሕብን ኪግዝን ዝጸንሐ መህመሚ ፖለቲካ ሰብኣዊ መሰል፡ ኣድማሳዊ ሓርነትን ደሞክራሲን እናነቕሓሉ፡ ድርብ ዕያሩ ብስፍሓት ኣብ ዝቃልዓሉ ግዜ በጺሕና ምህላውና እዩ።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

# ኖርወይ - ውዳበታት ህዝቢ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ኣኼባ ተኻዪዱ



ኣብ ኖርወይ ሰፈሕን ድልዱልን ውዳበታት ህዝቢ ንምርግጋጽ ዝዓለመ፡ ካብ ዝተፈላለያ ከተማታት ዝመጸኡ ልዕሊ 120 ኣባይቲ ማሕበረኮማት፡ ውዳበታትን ማሕበራትን ዝተሳተፍዎ ዋዕላ፡ ብ24 ሰነ ተቓኒዩ።

ኣብ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያ - ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ሰራቕ ባህልቡ፡ ካብ ሓያል ውዳቤ ሓያል ማሕበረሰብ፡ ሓያል መራሕትን ሓያል ሃገራዊ ወኒ ስለዝፍጠሩ፡ ዕላማ'ቲ ኣኼባ ንሓድሽ መድረኽ ዝበቅዕ ውዳበታት ንምፍጣር ከምዝተኻየደ ኣብሪሁ።

ኣቶ ሰራቕ ኣብ መወዳእታ፡ ምብርባር፡ ምድልዳልን ምሕያልን ሰፊሕ ስታፌ ዘለዎ ውዳቤ፡ ኣብ ምፍራይን ምህናጽን ብቑዓት ዜጋታት ድልዱል ባይታ ከምዝፈጥር ብምጥቃስ፡ ኩለን ማሕበረኮማትን ውዳበታትን ሓያል ጥርናፈ ኣብ ምፍጣር ብዕቱብ ክሰርሓ ተላቢዩ።

ኣኼበኛታት፡ ብመልክዕ ዓውደ-ዘተ ሓበራዊ መረዳእታ ኣብ ዝፈጥር ነጥብታት ድሕሪ ዘቕረብዎ ዘተ፡ ኣገዳስነት ሰፊሕ ስረት ዘለዎ ውዳበ ንኣድማዕነት ዝውጠን መደባት ብሓፈሻ፡ ቅሉዕ ምስሊ ኤርትራን ኤርትራውያንን ንምንጽባራቕ ድማ ብፍላይ ብምጥቃስ ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ከምዝሁበዎ ኣረጋጊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ነቲ ሽቶ ንምውቃዕ ዘኽእል መደብ ስራሕ ወጺኦ።

## ዜና

# ማእከል - ብቋንቋ ምልክት ዝሰልጠኑ ተመሪቖም



ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኣብ ዞባ ማእከል፡ ን 6 ኣዋርሕ ብቋንቋ ምልክት ዘሰልጠኖም ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ዝሰርሑ 54 ሰባት ኣመረቐ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ዳኒኤል ጉብረማርያም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንኣገዳስነት ቋንቋ ምልክት ኣብ ምዕባለን ዕቤትን ጽሙማን ጠቒሱ፡ ሰልጠንቲ ቀሲሞም ብዝለዉ ስልጠና፡ ኣብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ንጽሙማን ኪጋጥም ዝጸንሐ ናይ ምብህሃልን ምርድዳእን ጸገም ንምቕላል ኣበርክቶ ከም ዝገብሩ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ኣቶ ወልደሚካኤል ሰእለ ብወገኑ፡ ብሃገር ደረጃ ክሳብ 30 ሽሕ ጽሙማን ክህልዉ ከም ዝግመት፡ እንተኾኑ ግን ሃጊት ኣብ ማሕበር ዝተመዝገቡ ኣብ 4 ሽሕ ከም ዝይሓልፉ ብምሕባር፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ቋንቋ ምልክት ብምዕባይ ጸገማት ጽሙማን ንምቕላል ብዝቶቐድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ መላእ ሃገር 2 ሽሕ ሰባት ከም ዝሰልጠኑ ኣፍሊጡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን - ሓላፊ ምክትታል ማሕበራት ሰንክላን ኣቶ ዳዊት ሰለሙን ድማ እተን ማሕበራት ምስ'ቲ ብሚኒስትሪ ዝገበረለን ቀጻሊ ምክትታል፡ ኣብ ትሕተአን ንዝርከቡ ኣባላት ሞያን ትምህርትን ብምቕሳም ኣፍረይቲ ንክኾኑ ባይታ የጣጥሓ ከም ዘለዋ ሓቢሩ።

ወከል ተመረቕቲ ብወገኑ፡ ዝቐሰምዎ ቋንቋ ምልክት ብዮዝበራዊ ስራሕ ብምድራዕ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ክጥቀሙሉ ምዃኖም ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ስልጠና ቋንቋ ምልክት ዝገልጽ ማሳናድኦታት ኣቕሪቦም።

## ማይ-ምኑ፡ ናብ ኣደገልቦ ዘእቱ ጽርግያ ተሰሪሑ

ነበርቲ ኣደገልቦ - ንኡስ ዞባ ማይ-ምኑ፡ ናብ ዓዶም ዝኣቱ 40 ኪሎ-ሜትር ዝንውሓቱ መስመር ጽርግያ ብምስርሑ፡ ዝጸንሐም ጸገማት ከምእተቓለለ ገሊጾም።

ንሳቶም ኣብ ሓበሬታኦም፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ንዝርከባ ዓድታት ዘራኽብ ጥጡሕ መስመር መጎዓዝያ ከምዘይጸንሐ ብምጥቃስ፡ እዚ ካብ ሓወሲ ከተማ ማይ-ምኑ ናብ ዓዶም ዝኣቱ ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ ብመካይን ንዝዋበር ማሕበረ-ቁጠባዊ ምንቅስቓሳት ምቹእ ገይሩዎ ከምዘሎ ኣብሪሆም።

ጽርግያ መሰረት ምዕባለ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ኣደገልቦ ኣቶ ፍስሃ ጉብረኪዳን፡ ምስ ምጽራግ ናይ'ቲ መስመር፡ ድሮ ኣብ ማእከል ዓዶም ራህያ ትሰራሕ ከም ዘላ ሓቢሩ።

ምምሕዳር ከባቢ ኣደገልቦ፡ ካብ ሓወሲ ከተማ ማይ-ምኑ ንሸነኽ ደቡብ እትርከብ ኩይና፡ ልዕሊ 4800 ነበርቲ ኣለዉዋ።

## ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር፡ 199 ተመሃሮ ብሰርቲፊኬት ኣመሪቓ

ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር፡ ንኽልተ ዓመታት ብኣውቶመካኒክ፡ ህንጻ፡ ኤሌክትሪሲቲ፡ ኤሌክትሮኒክስ፡ ሓፈሻዊ ስርሓት ሓጺን፡ ድሪወሊኖን ጽርበት ዕንጸይትን ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ዘምሃረቶም 61 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 199 ተመሃሮ፡ ብ25 ሰነ ብሰርቲፊኬት ኣመሪቓ።

ኣብ'ቲ ስነስርዓት፡ ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ተስፋዝጊ ኣብርሃ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተመሃሮ ዝምረቑሉ ዘለዉ እዋን፡ ንዚያዳ ምዕባለ ዝያዳ ሞያዊ ዓቕሚ ዝድለየሉ ስለዝኾነ ድርብ ሓላፍነት ከም ዝስከም ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ቀሲሞም ብዝለዉ ፍልጠት፡ ኣብ መደባት ልምዓት ልዑል ኣበርክቶ ክገብሩ፡ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ንምምዕባል ድማ ክተግሁ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ - ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ስልጠናታት ኣቶ ተስፋይ ሰዩም ብወገኑ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኮሌጃትን ኣብያተ-ትምህርቲ ሞያን ንዘንብሮ ዘሎ ወፍሪ ብምጥቃስ፡ ተመረቕቲ ንዝተሰከምዎ ረዚን ሓላፍነት ተገንዚቦም፡ ዓጸፋ ክሰርሑ ትጽቢት ከም ዝግበረሎም ገሊጹ።

ኣብ 1994 ዝተመስረተት ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር፡ ሃጊት ኣብ 23 ዙርያታት፡ 4908 ተመሃሮ ኣመሪቓ ኣላ።

## ኣባሻውል - ሓደጋ ባርዕ ሓዊ፡ ኣብ ንብረት ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ኣባሻውል ብ28 ሰነ ኣጋ ፍርቂ መዓልቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ፡ ኣብ ንብረት ጉድኣት ኣውሪዱ።

በቲ ባርዕ ሓንቲ ገዛ ምስ ምሉእ ንብረታ ክትዓኑ ከሎ፡ ካልኣት ክልተ ኣባይቲ ከፊላዊ ጉድኣት ከም ዝወረደን፡ ካብ ምምሕዳር ከባቢ ሓድሽ ዓዲ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ ሰብ ዝወረደ ጉድኣት ግን የለን።

ጠንቂ ናይ'ቲ ባርዕ ኣብ ሓንቲ ገዛ ተወሊዓ ዝተገድፈት ሽምዓ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ኣፈናዊ ግምት ኣሎ።

## ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ብሞያ ዘሰልጠኖም 249 መንእሰያት ኣመሪቑ

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ኣብ ካዕሳይ - ዞባ ጋሽ-ባርካ ብዝተፈላለየ ሞያታት ከሰልጥኖም ዝጸንሐ 249 መንእሰያት፡ ብ22 ሰነ ኣመሪቑ።

ኣብ'ቲ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ስልጠና፡ 120 ብምምራሕ መኪና፡ 77 ብሓፈሻዊ ህንጻ፡ 11 ብምምራሕ ክረሸር፡ 11 ብምምራሕ ግሬደር፡ 11 ብምምራሕ ሎደር፡ 8 ብምምራሕ ዶዘር፡ ከምኡ'ውን 11 ብምምራሕ ኤክስካቫተር ከምእተመረቑ፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ኣቶ ተስፋይ ጎይትኦም ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣቶ እያሱ ኪዳነ ብወገኑ፡ ዕላማ'ቲ ስልጠና ድሕሪ ምብራሁ፡ እቶም መንእሰያት ብዝሰልጠንዎ ናይ ስራሕ ዕድል ንክረኽቡ፡ ምስ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ተወሃሂዶም ከም ዝሰርሑ ኣረጋጊጹ።

ወከል ተመረቕቲ ድማ፡ ነቲ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ዝቐሰምዎ ስልጠና ብስራሕ ብምምዕባል ውጽኢታዊ ዕዮ ክፃሙ ዘለዎም ድልውነት ብምርግጋጽ፡ ምትሕብባር ኣመሓደርቲ ንኡስ ዞባታት ከይፍለዮም ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሚኒስተር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ ልኣል ጉብረኣብ፡ ዝተፈላለየ ሞያዊ ስልጠናታት ብምውዳብ መንእሰይ ዜጋታት ንምምሕያሽ ብዕቱብ ይሰራሕ ከም ዘሎ ጠቒሳ፡ እቲ ስልጠና ክውን ክኸውን ልዑል ተራ ንዝነበሮም ኣካላት ኣመስጊና።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ግላኮማ እንታይ እዩ?

ዓይኒ ሓደ ካብቶም ልዑል ጥንቃቐን ክንክንን ዘድልዮም ቀንዲ ኣካላት ወዲ ሰብ እዩ። ካብ ጠቕላላ ስምዒት ወዲ ሰብ - እቲ 75 ሚእታዊት፥ ኣዒንትና ብዝመሓላለፎ መልእኽቲ ሓንጎልና ትእዛዝ ይህብ፤ እቲ ዝተረፈ 25 ሚእታዊት ስምዒታት ወዲ ሰብ ብኻልኦት ናይ ስምዒት ህዋሳት ናብ ሓንጎልና ብዝመሓላለፍ ስምዒት ይፍጠር፡፡ ስለዚ፡ ጥዕና ዓይንና ኣብ ምውናን ልዑል ኣካላዊ፡ ስነ-ሓይወታዊ፡ ስነ-ልቦናዊን ስነ-ማሕበራዊን ስምዒታት ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ።

ዓይንና ዝተፈላለዩ ሕማማት ክጥቅዕዎ ይኽእሉ እዮም። ሓደ ካብኦም ግላኮማ እዩ።

ግላኮማ፡ ኣብ ዓይኒ ንዝርከብ ቀንደን ወሳንን ዝኾነ 'ኦፕቲክ ነርቭ' ብምዕናው ዝስዕብ፡ ሓደ ካብ ልሙዳት ሕማም ዓይኒ'ዩ። ኣብ ወሽጢ ዓይኒ ምስ ዝፍጠር ጸቕጢ ምትእስሳር ከምዝለዎ ድማ ሓካይም ይሕብሩ።

'ኦፕቲክ ነርቭ' ካብ ሓደ ሚልዮን ንላዕሊ ዝበዝሑ ሻምብቆታት መትኒ ዝሓዘ እዩ። ንዓይኒ ናብ ሓንጎል የራኽብ፤ እዚ ኣገዳሲ መትኒ'ዚ ዓይንና ዝረኣዮ ምስሊታት ናብ ሓንጎል ናይ ምትሕልላፍ ሓላፍነት ይስከም።

ግላኮማ ቀንዲ ንኦፕቲክ ነርቭ ዘጥቕዕ ዓይነት ሕማም ዓይኒ እዩ። ምስ ግዜ እናበኣሰ እዩ ዝኸይድ። እዚ ኣብቶም ሻምብቆታት መትኒ ጸቕጢ ብምፍጣር ዝኸሰት ሕማም እዩ።

እቲ ጸቕጢ ናይ ዓይኒ እናዛየደ ምስ ዝኸይድ 'ኢንትራኦኩላር ፕረሸር' ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብዚ 'ኦፕቲክ ነርቭ' ምሉእ ብምሉእ ስለ ዝዓኑ ግዜያዊ ናይ ምርኣይ ጸገም ወይ ምሉእ ብምሉእ ዕውርት ክስዕብ ይኽእል።

መብዛሕትኦም ግዳያት ግላኮማ ኣብቲ ፈለማ ዝኾነ ምልክታት ኣየርእዩን እዮም። ስለዚ፡ ኣዒንትና ቀጻሊ መርመራታት ብምክያድ ንግላኮማ ክንፍወሶን ክንክላኸሎን ከም ዝከኣል ኣይንዘንግዕ።

### ዓይነታት ግላኮማ

ክልተ ዓይነት ልሙዳት ግላኮማ ኣለዋ።

**'ኦፐን-ኣንግል ግላኮማ' (Open-angle glaucoma)፦** እዚ ኣዝዩ ልሙድ ዓይነት ግላኮማ እዩ። እቶም ፈሳሲ ዘውሕዙ ንኣሽቱ መርበባት ናይ ዓይኒ፡ ጸቢቖም ከም ዘለዉ እናመሰሉ፡ ፈሳሲ ዓይኒ ብግቡእ ብዘይ ምውሓዙ ዝስዕብ ዓይነት ግላኮማ እዩ።

**'ኣንግል-ክሎዠር ግላኮማ' (Angle-closure glaucoma)፦** እዚ ብብዝሒ ኣብ ሃገራት ኢስያ እዩ ዝርአ። ካብ 'ኣይሪስ' (iris) ናብ 'ኮርኒያ' (cornea) ተዘርጊሖም ዝርከቡ መርበባት ፈሳሲ ዓይኒ ኣዝዮም ብምጽባብም ዝፍጠር እዩ። እዚ ሃንደበት ኣብ ዓይኒ ጸቕጢ ይፈጥር።

### ጠንቂ ግላኮማ

ኣብ ዓይንና ዝርከብ ፈሳሲ 'ኣኩዮስ ሁመር' (aqueous humor) እዩ ዝበሃል። እዚ ፈሳሲ ኣብ ወሽጢ ሰከይት ዓይኒ ካብን ናብን ይውሕዝ፤ ብኡ ኣቢሉ'ውን ንደገ ይወጽእ። ዝኾነ ካብዞም ኑቲ ሰከይት ዘቑሙ ኣዝዮም ቀጠንቲ ሻምብቆታት ምስ ዝጸበ፣ ወይ ዓይኒ ልዕሊ ዓቕን ፈሳሲ ምስ ዘፍሪ፥ እቲ ፈሳሲ ኣብ ገለ ክፋል ናይቲ ሻምብቆ ክእከብ ግድን እዩ። ሓደ ሓደ እዋን፥ ተመራመርቲ ነቲ ፈሳሲ ዝዕገቶ ምኽንያት ብንጹር ክለልይዎ ይጸግሙ እዮም። እንተኾነ፥ ብተወርሶ ዝመጽእ ክኸውን'ውን ይኽእል እዩ።

ብኮሚካል ዝስዕብ መጉዳእቲ፥ ከቢድ ረኽሲ ዓይኒ፥ ምዕጋት ሻምብቆታት ደም ኣብ ወሽጢ ዓይኒ፥ ምቕጻል ወዘተ ብዙሕ ዘይተለምዱ ጠንቅታት ግላኮማ ኮይኖም ይጥቀሱ እዮም። ንኻልእ ጸገማት ናይ ዓይኒ ንምፍዋስ ተባሂሉ ዝካየድ መጥባሕቲ'ውን ብኣዝዩ ትሑት ቁጽሪ ድሒሩ ጠንቂ ግላኮማ ኮይኑ ይመጽእ እዩ።

### ምልክታት ግላኮማ


ግላኮማ ምልክታቱ ቀልጢፉ ኣይንጸርን እዩ። እቲ ሕማም ነዊሕ ምስ ገበረ እዩ ምልክታቱ ክገሃድ ዝጅምር። ፈሳሲ ናይ ዓይንና ንደገ ዘውጽእ ሻምብቆ ብምጽባቡ ዝፍጠር ጸቕጢ 'ኦፐን ኣንግል' (open-angle) ግላኮማ እዩ ዝበሃል። መብዛሕትኦም ከምዚ ዓይነት ጸገም ዘለዎም ሰባት እቲ ምልክታቱ ቀልጢፉ ኣየርእዩን እዩ። **ገለ ካብቶም ድሒሮም ዝርኣዩ ምልክታት ግላኮማ፦**

* ኣብ ብርሃን ዝደጉሕ ዓና ምርኣይ፤
* ዝተወጻበረ ምስሊ ምዕዛብ፤
* ምቕያሕ ዓይኒ፤
* ጽልግልግ ምባል (እዚ ብፍላይ ኣብ ህጻናት ጎሊሑ ይርኣይ)፤
* ዕግርግር ምባልን ተምላስን፤
* ቃንዛ ዓይኒ ወዘተ እዮም።

### ግላኮማ ንመን የጥቅዕ?

ዝበዝሕ ግዜ ልዕሊ 40 ዓመት ንዝዕድሚኦም ሰባት እዩ ዘጥቕዕ፤ ኣብጽሒ፤ ህጻናትን ዕሸላትን'ውን በዚ ሕማም'ዚ ክጥቕዑ ይኽእሉ እዮም። ብዘውሳኺ፦

* ግላኮማ ካብ ዘለዎም ቤተሰብ ምስ እትውለድ፤
* ናይ ሓጺር ወይ ናይ ነዊሕ ናይ ምርኣይ ጸገም ምስ ዝህልወካ፤
* ግዳይ ሕማም ሽኮር፤ ጸቕጢ ደም፤




ዝተፈላለዩ ሕማማት ልብን ካልእ ሕዱር ሕማማትን ምስ እትኸውን፤
* መጉዳእቲ ናይ ዓይኒ ምስ ዘጋጥመካ፤
* ተጠቀምቲ ገለ ገለ መድሃኒታት ከም 'ፕሪዲንሶሎን' ምስ እትኸውን፤
* ብተፈጥሮ ካብ ንቡር ዝረቀቐ ኮርኒያ ምስ ዝህልወካ ወዘተ ብግላኮማ ክትጥቃዕ ትኽእል።

ግላኮማ ክትከላኸሎ ከቢድ ኮይኑ፡ ብኣጋኡ ነቲ ሕማም ኣለሊኻ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ምስ እትረኽብ ግን፡ ነቲ ድሒሩ ዝስዕብ ሓደጋ ምንካይ ይከኣል እዩ።

ሓደ ሰብ ግላኮማ ኣለዎን የብሉን ብሓኪም ጥራይ እዩ ዝነጽር። ግላኮማ ብምርኣይ ወይ ብዓህላሰ ዝፍለጥ ሕማም ኣይኮነን። ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለዉ ምልክታት ምስ ዝርአዩ ናብ ሓኪም ዓይኒ ቀሪብካ ኩነታት ጥዕናኻ ምፍላጥ ግዜ ዘውሰዶ ኣይኮነን።

ግላኮማ ብኸመይ ንከላኸሎ

**ግላኮማ ቀልጢፍና ምስ እነለልዮ ከውርዶ ንዝኽእል ዕንወት ክንቈጻጸር ንኽእል። ንዚ ንምግባር፦**

**= ቀጻሊ መርመራ ምክያድ፦** ቀጻሊ መርመራ ምክያድ ኩነታት ጥዕና ዓይንኻ ምፍላጥ የኽእል። ግላኮማ እንተለካ ቀልጢፍካ ክትፈልጥ ትኽእል። ቀልጢፍካ ድማ መድሃኒት ትጅምር። ኣብጽሒ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 3 ወይ 4 ዓመታት መርመራ ናይ ግላኮማ ክገብሩ ይምከር። ዕድመኻ ካብ 40 ንላዕሊ ኮይኑ ኣብ ስድራኻ ታሪኽ ናይ ግላኮማ ምስ ዝህሉ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 1 ወይ 2 ዓመት ጽዑቕ መርመራ ምግባር የድልየካ። ከም ሕማም ሽኮር ዝኣመሰለ ካልእ ጥዕናዊ ጸገም እንተለካ ድማ ቀቀልጢፍካ መርመራ ካብ ምክያድ ኣይትዘንግዕ።

**= ስድራቤትካ ምፍላጥ፦** ግላኮማ ኣብ ዓይኒ ዘስዕቦ ጉድኣት ንምጉዳል፡ በቲ ሕማም ዝተጠቕዑ ስድራቤት ኣለዉኻን የብልካን ምሕታት የድሊ።

**= ብሓኪም ዝወሃብ መምርሒ ምኽታል፦** ዓይንኻ ጸቕጢ ይፈጥር እንተሎ ናብ ግላኮማ ከይማዕበለ ግቡእ ፍወሳ ክትረክብ ስለ እትኽእል ናብ ሓኪም ምኻድን ዝወሃበካ መምርሒ ምኽታልን ኣገዳሲ እዩ።

**ምኽሪ ምስ ግላኮማ ንዝነብሩ ሰባት**

ግላኮማ ምስ ዕድመ መመላእታ ዝቕጽል ዓይነት ሕማም ዓይኒ እዩ። ስለዚ፡ ቀጻሊ ሕክምናዊ መርመራታት ምክያድን ምኽታልን የድሊ። **ጥዕና ዓይንኻ ንምሕላው ካልእ ክትገብሮ ዘለካ እንተሎ፦**

**ምንቅስቓስ፦** ቀጻሊ ምውስዋስ ኣካላት ምክያድ ኑቲ ኣብ ዓይንኻ ዝፍጠር ጸቕጢ ኣብ ምጉዳል ሓጋዚ እዩ። ኣብ ዓይኒ ናብ ዝርከቡ መትንታት/ ነርቭታት ደም ብዝግባእ ክውሕዙ'ውን ይገብር እዩ። ገለ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት ኣብ ልዕሊ ዓይኒ ተወሳኺ ጸቕጢ ይፈጥሩ እዮም። ስለዚ፡ ክተካይዶ ዝግባኣካ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት ምስ ክኢላታት ብምምይያጥ ክኸውን ተመሪጺ እዩ።

**ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ምዝውታር፦** ዝተመጣጠነ መግቢ ምምጋብ፡ ግላኮማ እናበኣሰ ካብ ምኻድ ክሕልዎ ይኽእል እዩ። ጥዕና ዘለዎ መግቢ ንዓይንኻ'ውን ኣገዳሲ እዩ። ግላኮማ ዘለዎ ሰብ ኣንጻር-ምሬት ጠባይ ዘለዎም መግብታት ክምገብ ኣለዎ። ከም ቆጽላት ኣሕምልቲ፡ ፍረታትን ዓሳን።

**ዝተዋህበካ መድሃኒት ብግቡእ ምውሳድ፦** ዝተዋህበካ መድሃኒት ኣብ ቅኑዕ ግዜኡን መዓልቱን ብዝግባእ ክትወስድ ይግባእ። ከይትርስዖ ምእንቲ ኣብ ሞባይል ተሌፎን ወይ ብቐረባ ኣብ እትርእዮ ወረቐት መዘኻኸሪ ክትገብር ኣገዳሲ እዩ። ብምርሳዕ ይኹን ብኻልእ ምኽንያት መድሃኒት ካብ ምውሳድ ምዝንጋዕ ኑቲ ሕማም ከብእሶ ከም ዝኽእል ኣስተብህሉ።

**ሽጋራ ዘይምትካኽ፦** ምትካኽ ሽጋራ ከም ኣብ ካልእ ክፋል ሰብነትና ኣብ ጥዕና ዓይንና'ውን ከቢድ ጉድኣት እዩ ዘውርድ። ምትካኽ ምቕጻል ዓይኒ ይፈጥር። ምትካኽ ንተኽእሎታት ሕማም ሽኮር ከምኡ'ውን ዓጽሚ ዓይኒ (cataracts) የዕቢ እዩ። ክልቲኦም ካብ ጠንቅታት ግላኮማ ምኻኖም እዩ።


**ትወስዶ ካፌን ምቍጽጻር፦** መዓልታዊ ክንደይ ዝኣክል ጨው፡ ቡን ከምኡ'ውን ሻሂ ተህልኽ፡ ልዕሊ ዓቐን ካፌን ጸቕጢ ዓይኒ የዛይድ እዩ። ሓደ መጸናዕቲ ከም ዘረጋገጾ ዋላ ሓንቲ ፍንጃል ቡን'ውን ትኹን ጸቕጢ ዓይንና ን90 ደቓይቕ ዝኣክል ክልዕሎ ይኽእል።

**ርእስኻ ኣልዒልካ ምድቃስ፦** ክትድቅስ እንከለኻ ርእስኻ ሓፍ ከቢሎ ዝኽእል መተርኣስ ክትገብር ጽቡቕ እዩ። እዚ ንጸቕጢ ዓይኒ የጉድሎ ምኻኑ ኣይትዘንግዑ።

**እኽሊ ፈሳሲ ምውሳድ፦** መዓልታዊ እኽሊ ፈሳሲ ምውሳድ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣካላትና ንኸይደርቕ ዝህልዎ ጥቕሚ፡ ንጥዕና ዓይንና'ውን ጽቡቕ እዩ።

**ዓይንኻ ምሕላው፦** ትካጥፈሉ ስራሕ ብዙሕ ብርሃንን ኮምፒተርን ዘለዎ ምስ ዝኸውን ብፍላይ፡ መከላኸሊ ዓይኒ ክትወዲ ይምከር።

**ዓይንኻ ዘይምሕሳይ፦** ግላኮማ ንዓኡ ወይ ንእኡ ንምፍዋስ ዝውሃብ መድሃኒት ሱላ ይፈጥር እዩ። ኣሳሕዩና ኢልና ዓይንና ምድራዝ ግና ነቲ ኩነታት መሊሱ እዩ ዘብእሶ። ስለዚ፡ ምስ ዘሳሕየካ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ምስ ሓኪም ክትመያየጥ ኣገዳሲ እዩ።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ወግዓዊ በዓል ዒድ ኣል-ኣድሓ ኣብ ከተማ ኣቆርደት |
| 15:45 | ዳህሳሳዊ ዑደት ኣብ ልምዓታዊ |
| 16:25 | ስርሓት ስነ ጥበባዊ መሓመድ ዳፍላ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ሳህራ |
| 19:30 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ስርሓት ስነ ጥበባዊ መሓመድ ዳፍላ (2ይ ክፋል) |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም በርሀ በዓል ርስቲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስፖርታዊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝምም. |

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ህይወት፡ ድሕሪ ምርሻን

ምሕረትኣብ ኪዳን (ኣኽላ)

መብራህቶም፡ እዚ ሕልሚ'ዚ ክፍታሕ እንከሎ እንታይ ራእይ ኮን ይህልዎ ኢሉ ትርጉሙ ክስተንትኖ ፈተነ፡፡ እቲ ብሕልሚ ዝተራእዮ፡ ብሩህ ተስፋ ከም ዘለዎ'ውን ንብጹቱ ኣውጊዎም፡፡ ብዙወሳኺ፡ "... ካብዛ ዘለናያ ሰኣል ቤት ማእሰርቲ ወጺእና እንተርእየሰ ኑቲ ሸገጥ ዝበዝሓ ህጡር ዝራብዐይ ሽፍጡ ሽፍጡ ንቅዱስ ገብርኤል ብስራታዊ ሞጎአ ከውድቐለየ..." ኢሉ ተመባጺዑ፡፡ በቲ መብራህቶም ዘልዓሎ፡ ናይ ተስፋ መብጽዓ ተደሪኾም ብጹቱ'ውን ዘዘመሳሰሎም ተመባጺዖ፡፡

ወለንኪኤል ገብረስላሴ፡ "ካብዛ ሽላ እዚኣ እንተወጺእና ንታቦት ዓድና ተገረን ዘሸው፡ ሓሙሽተ ናይ ቀዳሲያን ኣኸለል ክሀብየ በሉ፡፡ ተስፋንኪኤል ገብረብርሃን ብወኹ ተመሳሲሊ ከም ናይ ወለንኪኤል ተመባጺዑ፡፡ ገብረይ ኣብራሃ፡ ሓደ እኹል ማገላ፣ ተኽለብርሃን ገብሩ ብወኹ፡ "ወርሒ ወርሒ ዘጽንበሎ ዝክር በዓል ቅዱስ ሚካኤል ክዝብር'የ" ብምባል መብጽዓ ኣተወ፡፡ ሕልሚ መብራህቶም፡ ተስፋ ኣሕደረሎም፡፡ ብኸምዚ ምድሪ ንጽእሳ ኢላ ወግሐት፡፡

ካብ ሰዓት ሓደ ቀትሪ ናይ 18 ሓምለ ንደሓር፡ ዓዲ-ቐይሕ ክትሕመስ ከም ዝጀመረት እቶም እሱራት ፖሊቲካ ደሃያ ኣይነበሮምን፡፡ ኣብ ከባቢ ሃዳሙን መደበርን ብስድራ ቤት እንዳ ተስፋይ ትኩእ እንዳ ኣደይ መርየምን እንዳ ተኽለ በኻሎን ዝጀመረ ተኹሲ፡ ሕሱም መቕዘፍቲ ፈጢሩ ናብቲ ቀንዲ ማስገድ ናይታ ከተማ ሰጊሩ፡ ሱበን እንስሳን ከም ሓምሊ እናሓመለ፡ ናብ ምሉእ እታ ከተማ ለሓመ፡፡ ሰዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ ምስ ኮነ ግን ቁሩብ ዘፍ በለ፡፡

ኣብቲ ዝግ ዝበለሉ ሰዓታት፡ ሽላ ቤት ማእሰርቲ ብምሉኡ ተራሕወ፡፡ ምሕረት ዘውረደ ክመስል ሓደ ወተሃደር መጺኡ "እሱራት ኩሎም ይወጽኡ" ኢሉ ኣዘዘ፡፡ እቶም ኣብታ ጸባብ ሽላ ዝበሩን ካልኦትን 16 ሰባት ብሓንሳብ ተኣከቡ፡፡ ናበይ?.... ቦታ ንምቕያርዶ ንምውጻእ ወይስ ንምርሻን ዝፍለጥ ኣይነበረን፡፡ እቲ ኣብ ሕልሚ ዝተራእየም ፍጻሜ፡ ብገለ ተኣምርዶ ይዝዩድ ይኸውን? ዝብል ተስፋ'ውን ኣይተሳጸወን፡፡ ሽዑ፡ ኣቦይ ሃይለ መስኮት ጥራይ እየም ዘይተማትኡ፡፡ ካብ ኣፍ ደገ እታ ሽላ ክወጽኡ እንከለው፡ ".... ሕጂ ንማና... እዝም ጦርሰራዊት ክርሹና ስለ ዝኾኑ፡ ፋሕ ንበል ንህደም....ዝወደቐ ክወድቕ ዝወጸ ክወጸኢ.... ኣብ ዝጥዕመና ቦታ ንራቶን ...." በሉ፡ ቀስ ኢሎም ብሕሹኽታ፡፡ ኣብ እግሮም ይኹን ኢደም ዝተኣስረ ፈሮ ወይ ሰንሰለት ኣይነበረን፡፡

እቶም ወተሃደራት ነቶም እሱራት ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ኮብኩቦም ክወስድዎም እንከለዉ፡ ብዙሓም ልክዕ ከንዲ ፍቕዲ'ቶም እሱራት ነበሩ፡፡ ኣፍሲ ወከፍ ወተሃደር፡ ኤም ፎርቲን ዝበዝሓ ነዊሕ ጠበንጃ ተሓንገጡ፡ ደድሕሪ ኣፍሲ-ወከፍ እሱር ሰጎሙ፡፡ ሓንቲ ኣፍ ሻምብቆ ብረት፡ ናብ ሓደ እሱር ቀኒዓ ተሰንመት፡፡ ምዕይ ክትብል ዘኾንእለካ ጽንዑ ሓለዋ እዩ፡፡ ፈንጠር ንዘበለ እሱር ሓንቲ መገሰዕ ጥይት ከም ዝወሰድ ገይርኮ'ዩ ተዋዲዱ፡፡

እቲ ዝሮጽዎ ዝበሩ መንገዲ፡ ካብ ኣውራ ጎደና ኣይወጸን፡፡ ብሉ ገይርካ ቀጥ ኢልካ ንታሕቲ ንደቡብ ገጽካ ምስ እትወርድ፡ ናብቲ ቀንዲ መደበር ፖሊስ ከተማ ዓዲቐይሕ'ዩ ዘምርሓካ፡፡ ብመሰረት'ቲ ዝበረ ኣንፈት ጉዕዞ ጥራይ፡ ምቕያር ቦታ ደኣ ከይከውን፡ ኣብ ዝብል ኮንደኾን ሓሳብ ኣማቲኦምም ነበሩ፡፡

ኣብ ፊት እዚ ሕጂ ቴሌኮሚኒከሽን ዓዲቐይሕ ዘለዎ ቦታ ምስ በጽሑ፡ እሱር ወለንኪኤል ገብረስላሴ...ኮንዶኾን ዝብል ናይ ምሕረት ሓሳብ፡ ቅጅል ግዲ ኢሉዎ ኮይኑ፡ ኑቲ ሓለቓ ናይቶም ወተሃደራት ምቕልል ኢሉ ብኣምሓርኛ ተዛረበ፡ "...ኣንታ ጥላሁን...ንሕና እንታይ ገርናኩም ኢና ትወስዱና ዘለኹም ዘይትምሕሩና...." በሎ፡፡ ኣብ ባር ወለንኪኤል ኣትዩ በራ ክሳቲ እንከሎ ጥላሁን፡ ወለንኪኤል ብቕብጥሮት የእንግዶ ስለ ዝበረ፡ ናይ ቀረባ ሌላ ዝፈጥሮ ምድንጋጽ ንምርካበ'ዩ ሓቲትዎ፡፡

ጥላሁን ግን፡ በራ ዘይተሓሰ ደም ሱብ ጸሚእዎ ስለ ዝበረ "... ጋሼ ወልደሚካኤል፡ እናንተ የምትረዱትና የምትደግፉት ኣይደለም እንዴ... እዚህ ቀጠና ጉብተው ወንበዴዎች ሰው የሚገድሉ...." ብምባል ክሕንት ጽልኡ ንምግላጽ ኣሰናኑ ሓርቂሙ መለሰሉ፡፡ ብኣበሃህላ ጥላሁን እቲ ዝቕዘፍ ዝበረ ሰላማዊ ሱቡ ወንበዴታት (ተጋደልቲ) ናብ ውሽጢ ከተማ ኣትየም ከም ዝቐተልዎ'ዩ ዘሎ፡፡ ሓያል መንግስቲ ሰራዊቱ ሒዙ ኣብ ማእከል ከተማ ኣራጢጡ እንከሎ፡ ናብ ከተማ ኣትየም ተጋደልቲ (ወንበዴታት) ንወንናም ንህዝብም ብኣልማማ ክቕትሉ፡ ዕላማኦም ኣይነበረን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዘይሕሰብን ዘይትግበርን እዩ፡፡ ስለዚሰ፡ ንሱብ ዝቐትሉ ወንበዴታት ስለ ዝተሓብበርኩም ክትቅተሉ ኢኹም ማለት'ዩ ኣበሃህላኡ፡፡

ጥላሁን፡ ሓለቓ ሰሊያን ጸጥታን ናይቲ ከባቢ ዝበረ ወተሃደር ስርዓት ደርግ እዩ፡፡ ድሕሪ'ዚ ቃሉምልልስ፡ እሱራት ናብ ቦታ ምርሻን ይኸዱ ከም ዝበሩ ኣረጋገጹ፡፡ ህይወት፡ ኣብ ሞንጎ ሞትን ሕየትን ተዋጠራ ተቐርቀረት፡፡ እቲ ቀጥ ኢሉ ዝወርድ ዝበረ ኣውራ ጎደና ከተማ ዓዲቐይሕ ገዲፍካ፡ ንምብራቕ ናብ ቀላቕል መሮር ዝወስድ መንገዲ ገጸካ ምኹብኳብ ምስ ኮነ ኣሮማይ በሉ፡፡ በቲ ሸነኽ'ቲ፡ መሕረዲ ቦታ እምበር መምሓሪ ቦታ ኣይነበረን፡፡

በዚ ሕጂ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ዘለዎ ቦታ ቁልቁል ኣፎም ወሪዶም፡ ቁሩብ ምስ ከዱ ኣብ ሓደ ደንደስ ቦታ ደው በሉ፡፡ ግዜ ኣኺላ ደቓይቕ ብኻልኢት ኣቑጺራ፡፡ ተጋሪርካ ጽዋእ ሞት እትቕበለሉ ህሞት፡፡ ድሕሪ ሞት ቦታ ጽድቂ ወይ ሓጥያት ምርካብ እምበር፡ ብስጋ ምንባር የለን፡፡ ህይወት፡ ድሕሪ ምርሻን ክትረኽብ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን፡፡

ተባዕን ትኪን መውጽኢ ኣይሰእኑን ዝብል ምስላ ዘኪርካ ግን፡ ሕጂ'ያ እታ ናይ መጨረሻ ፈተነ ክትክወን ትኽእል ኢኻ ትብል፡፡ ኩሎም እሱራት 16 ሰብ ተር ኢሎም ንምብራቕ ገጾም እናጠመቱ ተሰርዑ፡፡ ርእሶም ደፊኦም ደው ምስ በሉ፡ ጸሎቶም ከዕርጉ ንየጉዳን ዝተዳለዉ መሰሉ፡፡ እቲ ብድሕሪኦም፡ ብክልተ ጎድናዎም፡ ተጻዊዱ ዝበረ፡ ወተሃደራት ዝለኸምዎ ኣፍ ሻምብቆ ብረት ተመልኪትካ ግን፡ ኦሮማይ ካብዚ ከምልጥ ዝኽእል ፍጡር የለን ኢልካ ትድምድም፡፡ ትንፋስ እሱራት ተረበጸ፡፡ ትርግታ ኣፍ ልቢ ከም መናፍሕ ተሰፍሲፉ፡ ማሰናግለ ተወጢሩ፡ ትንፋስ ንመጨረሻ ብኣፍ ዘይትሰ ብደረት ኣፍልቢ ክትሃጥር ከም ዝደለየት ህርመታ ወሸኸት፡፡

መብራህቶም ገብረህይወት (ወዲ መረጌታ) እታ ምኽሪ ኣቦይ ሃይለ መስኮት ትፍጸመላ ካልኢት ሽዓ ምኻና ግምት ወሲዱ "ፋሕ ንበል!....ፋሕ ንበል ኣታ... " ኢሉ ኣሕሾኾኾ፡፡ ግን፡ ጥላሁን ኣይዘንገዐን፡ እቶም ዝርሹ ብዘይ ምንቅስቓስ ደው ኢሎም ከለዉ ዓው ኢሉ፡ "....ብረትካ ኣጻዊደካ ተኮስ!...." ኢሉ ቅጽበታዊ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ፡፡ ኣፍ ሻምብቆ ብረት ቀጥታ ሓዊ ተፍኣ...ብሓንሳብ ሰሚሩ ቶግ... ቶግ....ቶግ...ቶጎን..ጎን.....ጎን.... ጎንግ....... ኢሉ ረምታኡ ኣውደቖ፡፡ እሱራት ፖሊቲካ ሰልፆ ዕጽፍ፡ ልኸሰሱ ኩልሰስ እናበሉ፡ ተደራረቦም ኣብ መሬት ተሰጥሑ፡፡

ተኣምር ብርቂ ነገር እዩ፡፡ ካብ ሞንጎ እቶም ዝተረሸኑ እንኮ ሰብኣይ ፈትለኽ ኢሉ ወጽኡ፡፡ ምስ ምሉእ ሓይሉ ዘለሉ ንቅድሚኡ ክሃጥር ተራእየ፡፡ ካብቲ ደንደስ ቦታ ምርሻን ከም ኣራብ ዘለሉ ወጽኡ፡፡ ጸጋመይቲ ኢዱ ግን ድሮ ብጥይት ተመልዒሳ ነበረት፡፡ ግን ኣይዓጀቦን፣ መለሱ ናህሪ ወሲኹ ብዘለዎ ሓይሊ እናዘለለ ንታሕቲ ጎዱ ኣንቀልቀሉ፡፡ ድሕሪ'ዚ ምንቅስቓስ'ዚ፡ ብምሉኡ ሻምብቆ ብረት ናብኡ ቀንዑ፡፡ ሰለስተ ወተሃደራት ደድሕሪኡ ሰዓብዎ፡፡ ተኸልቢ'ዎ ዝበረ ሻርጣን ጋቢን ንድሕሪኡ ፈለው ኣበሉ ደርበዩ ህድማኡ ቀጸሉ፡፡ ዝወደቐ መሳሊዎም ድንጋር በሉ፡፡ ኣብ ልዕሊ ጻዕዳ ጋቢ ብጻዕቂ ደጋጊሞም ተኩሱ፡፡ ናብ መብራህቶም ዝኸሰስ ዝበረ ጢያይት ቀሩብ ጸሓፉ፡፡

መብራህቶም፡ ካብ ሻርጣን ጋቢን ተፈልዩ ክንቀሳቐስ ምስ ተራእየ፡ ከም ብሓድሽ "ኣረ በለው!" ተባሂሉ፡፡ ኣብ ጸጋመይቲ እግሩ'ውን ካልኣይ ማህረምቲ ኣጋጠሞ፡፡ ግን፡ እታ ካልኣይቲ መውጋእቲ ስጋ ብስጋ ስለ ዝኾነትሉ ዓጸሚ ሰደራ ካብ ምንቅስቓስ ኣይኣገደቶን፡፡ ኑቲ ዝጀመሮ ናህሪ ብምዕቃብ፡ ህይወቱ ንምድሓን ዝያዳ ተወንጨፈ፡፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ናህሪ ከሎ ሕጂ'ውን ብቕድሚኡ ደው በል ዝብል ተረኸበ፡፡ ኑቲ ዒጋቲ ነገር ምስ ረኣየ ክሰጉም ኣይከኣለን፡፡ ዘለልካ ዘይሰገር ሽለው ዝበለ ጸድፌ ዓንዩ፡፡ እቲ ቦታ፡ ጀላቲና ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቀደም ቤት ማእሰርቲ ጥልያን ዝበረ ኣብ ምብራቓዊ ሸነኽ ከተማ ዓዲቐይሕ ዝርከብ ጸድፌ እዩ፡፡ ካብኡ ጸዲፍካ ናብ ጸቢብ ስንጭሮ፡ ማጠቢ ሩባ ሓዳስ ኢኻ ትወርድ፡፡


መብራህቶም፡ ካብ በዚ ጸድፌ ጸዲፍካ ተሰበርካ ትመውት፡ ብጥይት ተቐሊብካ ምውዳቕ ይሓይሽ ኢሉ ጋእ በለ፡፡ ንደቡብ ገጹ ጠሚቱ፡ በቲ ዝሓዞ ክርክስ ናይቲ ጸድፌ እናረገጸ ንሞጎኡ ተዓጽፈ፡፡ ናብ መድሃኔ ኣለም ዝበሃል ማጨሎት ብምቕናዑ እናዘለለ ጉያኡ ቀጸለ፡፡ ኣብቲ ናይ ሞትን ሕየትን ግዜ፡ መንገዱ ክቕይር እንከሎ፡ ሓደ መብራህቶም ዝፈልጦ ወተሃደር ዝያዳ ተፈታተኖ፡፡ ራተራል ጃፋር ዝተባህለ ቀጢን ወተሃደር፡ ካብቶም ሰለስተ ወተሃደራት ተፈልዩ በዩኑ ሰዓቦ፡፡ ወተሃደር ራተራል እውን ከም ኣራብ፡ ማዕረ መብራህቶም እናዘለለ፡ ብኣካል ክሕዞ ቁሩብ ተረፎ፡፡ መብራህቶም ግን፡ ሃንደበት ናብቲ ብጁጋሙ ዝበረ ደንደስ ብምጽዳፍ፡ ናብቲ ገረብን በለስን ዝሸፈኖ ጫካ ኣተወ፡፡

ኣብቲ ማይን ሳዕርን ዝርከቦ ቦታ ከም ውንጅር ተሰኪዩ ኣጽቀጠ፡፡ ወተሃደር ጃፋር ብረቱ ኣቐኒዑ፡ ቀጣሕጣሕ እናበለ ናብ ትሕቲኡ ዛሰስ በለ፡፡ ጸቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ኣብ ጎዱፍ ካሕሳይ ዝበሃል ሰግር ማዕዶ፡ (መሬት ሕጻይቶ) ቦታ ሒዞም ዝበሩ ተጋደልቲ ብኣንጻሩ ቶኽሲ ምስ ከፈቱሉ ግን፡ ንሱ እውን ኑበሱ ከድሕን ተኸቲሉ ኣዝበበ፡፡ ኣብቲ ቦታ ምዕምሸጋሽ ከም ዘዋጽኦ ፈሊጡ'ውን ንድሕሪት ተመልሰ፡፡

መብራህቶም እስትንፋስ ረኸበ፡፡ ካብ ከቢቡ ተኸቲሉ ክንቀሳቐስ ምድሪ ክሳብ ዝጽልምተሉ ተጸበየ፡፡ ኣብታ ተሰዊሩላ ዝበረ ጫካማይ ኣጽቂጡ ኣምሰየ፡፡ ቁሩብ ትንፋስ ዝረኸበት ነብሲ ኣካላታ ዳህሰሰት፡፡ ብሓለንጊ ኩርማጅ ተገሪፉ ዝበረ ጻዕዳ እግሩ ባይታ ምስ ረገጸ መሊሱ ደም ቲፍ-ቲፍ በለ፡፡ ጥይት ዝበስዖ ቁስሊ ብቆሪ ተጨማዲዱ ዘኸምትር ቃንዛ ነበሮ፡፡ ረዳኢ ኣብ ዘይብሉ ቦታ እሞ እንታይ ይገበር፡፡ ኣብ ውሽጢ እታ ቀላይ ጥራይ ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ምጽንሑ ዓቕሉ ጸቢብዎ ነበረ፡፡ ካብኣ ብምትንሳኡ፡ ሕሱም ቃንዛኡ ተጻዊሩ ክሳብ'ቲ ቀዳማይ ረድኤት ዝረኸበሉ ቦታ ተሳለየ፡፡ ማጠግ ዝበሃል፡ ኣብ ክዳን ናይ ዝለግዘብ ቀጻሊ ተሸፊኑ ብምምስሳል፡ ናብ ማዕዶኡ ዝበረት በራኽ ቦታ ተሳገረ፡፡

ኣብታ በራኽ ቦታ ኮይኑ፡ ናብ ሕጻይቶ እትብሃል ዓዲ ኣማዕደወ፡፡ ሕጻይቶ፡ ሰራዊት ጸላኢ ብዘርከቦ ሓዊ ቃልቃል ክትብል ጸንሓቶ፡፡ ክልተ ደቂ ሕጻይቶ ኣብ መንገዱ ጸኒሐን ኑቲ ኩነታት ሓበራኦ፡፡ ካብኡ ቀጺሉ፡ ናብ ዱርያ ዝበሃል ቦታ ሰገረ፡፡ ኣብ ዱርዩ፡ ከሎ ንዘበሃል ዝፈልጦ ወዲ'ቲ ዓዲ ረኸበ፡፡ ከሎ፡ ንፈለማ ተቐቢሉ መዓርን ጠስምን ብምቕራብ ኣፀንገሎ፡፡ ካብ ኣፍ ሞት ዝወጸት ህይወት ትንፋስ መለሰት፡፡ መብራህቶም፡ ጉዕዝኡ ቀጺሉ ብሰበረሶ ኣቢሉ ናብ ቀሓይቶ ደየበ፡፡ ኣብ ዑቕባ ተጋደልቲ ኣትዩ ምሉእ ውሕስነት ህይወቱ ኣረጋገጸ፡፡ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክንን ሓልዮትን ረኺቡ፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ዝበረ ቀንሲ ኣሕወየ፡፡

ኣብ ቀሓይቶ ዝበረ ሓለፊ ዓብደልቃድር ሮሞዳን ዝበሃል ተጋዳላይ ጀብሃ ሓንቲ ምርጫ ኣቕረበሉ፡፡ ናብ ዓድኻ ተመሊስካ ክትነብር ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ወተሃደራት ጸላኢ ኣብ ዝነብርዎ ወፍሪ ክትህደን ኢኻ፡፡ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ ናብ ሰደት ኣምሪሕካ ካብ ሃገር ወጺኢ ክትከይድ ክንተሓባበረካ በሎ፡፡ መብራህቶም ግን፡ ካብ ዓዱ ወጺኡ ክሰደድ ኣይመረጸን፡፡ ኣብ ከባቢ ዓድና ኮይኑ ጠበንጃ ዓጢቑ ምቃላሱ ኪቃለስ'የ ዝብል ምርጫ ብውሳድ ናብ ማቡቆል ዓዱ መንደፈራ ዓረት ኣምርሐ፡፡ ድሕሪ



ኣቶ መብራህቶም ገብረሂወት ኣብ ቦታ ማሕዩር

ካብ ምርሻን ምምላጡ ጥራይ ሓሙሽተ ኣዋልድ ወለዩ፡፡ እቲ ኣብ ጸባሕ ማእሰርትን ደሮ ምርሻንን ዝተጠመቐ ውላዱ ከኣ ምሕረትኣብ ተባሂሉ፡፡ ንወላዲ ምስ ዘጋጠሞ ፍጻሜ፡ ድሕሪ ምርሻን ምሕረት ተረኺባ ዝብል መልእኽቲ ዝሓዘ እዩ፡፡

እቲ ኸሉ ኣብ ዓዲ-ቐይሕ ዘጋጠመ ሓደሽ ሕንፍሽፍሽን ምርሻን ናይቶም ሓፋሽ ውድባትን ድሕሪ ውጺ ውሸጣዊ ስርዓት ዓዲ-ቐይሕ ተጋዳላይ ሳልሕ መገእ ብጹላኢ ምትሓዙ ዝሰዓበ እዩ፡፡ እቶም ሽዑ ምስ ምዑት ሓፋሽ ውዱብ መብራህቶም ዝበሩ፡ ኣብ 18 ሓምለ-1975 ዓ/ም ዝተረሸኑ 16 ሓፋሽ ውዱባት ተ/ሓ/ኤ (ጀብሃ)፣ ባሻይ ሃይለ መስኮት ሓንስ ዓዲ መሳልሕ፡ ኣቶ ወለንኪኤል ገብረስላሴ ሓንስ - ዓዲ ተገረን፡ ኣቶ ተስፋንኪኤል ገብረብርሃን ወልደንኪኤል - ዓዲወገራ፡ ኣቶ ገብራይ ኣብራሃ ኣስፋሃን ኣዘንታዊ ኣቶ መብራህቶም ገብረሂወት ኩሓሰን ክልቲኦም - መንደፈራ (ዓረት)፡ ኣቶ ተኽሉብርሃን ገብሩ - ኣምባስተገለቡ፡ ኣቶ ተስፋጋብር ረዘ ዑቕቢት - ዓዲ በዓቲ፡ ኣቶ ተኽለሃይማኖት ኣስፋሃ በየነ - ተኾንዳዕ፡ ኣቶ ደስታ ሰንጋል ተስፋገርገሽ - መደረ፡ ኣቶ ነጋሽ ኣስገዶም ገብረ - ማእለውያ፡ ኣቶ ዓብዱ ማሕሙድ ሙሳን ኣቶ ማሕሙድ መሓመድ ኢብራሂምን ክልቲኦም ደቂ ሰንዓፈ፡ ኣቶ ተወልደርሃን ገብረመድህን ይሕደን - ማይጎዱፍ፡ ስሙ ክፍለጥ ዘይተኻእለ ዓዲ ኣፈልቡ፡ ክልተ ካልኦት ስምምን ዓደምን ዘይተፈልጡ ሰወኣት ኤርትራውያን እውን ነበሩዎም፡፡


*መእረምታ፦ ክቡራት ኣንበብቲ፡ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ዓንቀጽ ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ 300 ሽሕ ምባል ተሪፉ፡ 3000 እንስሳታት ተቐዚፎም ተባሂሉ ክንብብ ብትሕትና ንሕብር፣ ጸሓፊ፡፡*

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ኣገደስቲ ነጥብታት ኣብ ጥዕና

ማይ ምስታይ፦ እኹል ማይ ምስታይ ምሉእ መዓልቲ ብጥዑና ክትውዕል የኽእለካ። ንመዓልቲ ካብ 6-8 ብኬሪ ማይ ምስታይ ኣብ ጥዕናዊ ኩነታት ሓደ



ሰብ ብዙሕ ኣስተዋጽኦ ዘለዎ ኩይኑ፣ እኹል ማይ ዘይምርካብ ንሕማም ርእሲ፣ ድርቀትን ካልኦት ሕማማትን ከቃልዕ ይኽእል።

እኹል ድቃስ ምርካቡ፦ እኹል ድቃስ ምርካብ ምሉእ ጥዕና ንክህልወና ዓቢ ኣስተዋጽኦ ዘለዎ ኮይኑ፣ መዓልታዊ ካብ 8-10 ሰዓታት ምድቃስ ንኣካላት ንጠፍን ንቑሕን ይገብሮ። እዚ ድማ ነየም ንኽንትቅሕ ኣልካ ዝስተዩ ቡን፡ ሻሂን ካልኦት ናይ ካፈይን ትሕዝቶ ዘለዎም ፈሳሳትን ንኽንተጉድል ይሕግዘ። ብፍልጺ መዳይ፣ እዚ ነገራት ምግባር ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት - ከም ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሽኮርያን ካልእን ንኽይትጥቃዕ ይሕግዝ። ብዘውሳኺ፣ ብእዋኑ ንኽትድቅስን ንግሆ ኣብ ግዜኻ ንኽትትንስእን ክትትቅሕን የኽእል።

ዕረፍቲ፦ ኣብ ህዱእን ጸልማትን ዝኾነ ድምጺ ዘይብሉን ቦታ 10 - 15 ደቓይቕ ንብይንኻ ኮፍ ምባል ንኽትዛዘን ካብ ዝወዓልካ ሸግራት ንኽትሃድእን ዝሕግዝ ኩይኑ፣ እንተ ተዛሪኻ ኣካላትካ ክፈታታሕን ጭዋዲታት ግቡእ ስርሖም ክካይዱን ይኽእሉ። እዚ ብፍላይ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቖትሪ ምስ ዝኸይድ ምሉእ መዓልቲ ንቑሕ ኴንካ ክትውዕል ይሕግዝ።

ኣካላዊ ምንቅስቓስ፦ ንግሆ ተንሲእካ ወይ ኣብ እዋን መዓልቲ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምኽያድ፡ ዝያዳ ተዓጻጻፍን ምዉቕን ኣካላት ክህልወካ የኽእል። ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ሕማማት ናይ ምጽዋር ዓቕሚ የሐይልን ጅማውቲ ግቡእ ስራሖም ክካይዱን ቀልጢፎም ከይደኽሙን ይሕግዝ።

ዙብዙብ ምግቢ (ምጉያይ)፦ እዚ ግደንት ንሓመሽተ ሽዱሽተ ከሎ ሜትራት ዘይከደ፣ ብፍላይ ኣብ ግዜ ግንሆ ጸሓይ ቅድሚ ምብራቓ ንኣስታት 15 ደቓይቕ ምስ ዝትግበር ግቡእ ሚዛን ሰብነት፡ ሓይሊ፣ ንቑሕነት ንኽህሉ ይሕግዝ። ኣብ ሰሙን ክልተ ወይ ልዕሊኡ ግዜ ዙብዙብ ምግቢ ጠቓሚ ኮይኑ፣ ኣብ ቀዋሚይ መዓልቲ ልዕሊ ሓደ ሰዓት ዙብዙብ ምግቢ ግን ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ክዓቢ ይኽእል። እዚ፣ ቅርጥማት ክጉበረልካን ነታ እትቐጽል መዓልቲ ብግቡእ ካብ ምንቅስቓስ ክዕንቅጸካን ይኽእል።

## ኢማ ዋትሶን


ብ15 ሚያዝያ 1990 ዝተወልደት ኢማ ቻርሎት ደዩረ ዋትሶን፣ ካብ ህጻንነታ'ያ ኣብ ናይ ምውሳእ ሞያ ተጸምቢራ። ኣብ ተኸታታሊት ፊልም "ሃሪ ፖተር' ከም ሄርምዮነ ኮይና ምስ ጸየት፣ ብቐዓታ ጎሊሑ ተራእዩ። ኢማ ንፈለማ እዋን ኣብ ፊልም ክትሰርሕ ከሎ፡ ጓል 9 ዓመት እያ ዝነበረት። ቅድሚኡ ዝነበራ ተመኩሮ ካብቲ ኣብ ቤት ትምህርታ ትሰርሖ ዝነበረት ተዋስኦታት ዝሓልፍ ኣይነበረን።

ንሳ ፊልም ናይ ምስራሕ ባህጊ ከይተለፈት ንመዓልቲ 5 ሰዓታት ኣብ ክፍሊ ኮፍ ኢላ እናተማህረት፣ ኣብ ኣካዳምያውን ስፖርታውን ንጥፈታታ ድርብ ዓወታት ተመዝጊባ ነበረት።

ኢማ ካብ ሽዱሽተ ዓመታ ጀሚራ ልዑል ናይ ምውሳእ ድሌት ነበራ። ንውሽጣዊ ድሌታ ንምርዋይ'ያ እምበኣር፡ ጎኒ ጎኒ ኣካዳምያዊ ትምህርታ ኣብ ሓደ ናይ ስፖርታዊ ቤት ትምህርቲ ናይ ምድራፍ፡ ምስዕስዕን ምውሳእን ስልጠና ዝተኸታተለት። ክሳብ ጓል 10 ዓመት ትመልእ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ይፈርዩ ኣብ ዝነበሩ ተዋስኦታት ትሰርሕ ነበረት። ዓመት 1999 ንኢማ ኣብቲ ንዊሕ እዋን ሃረር ዝበለቶን ዝጸዓረትሉን ሞያ ንምስራሕ ባብ ዘርሓወት ዓመት ነይራ።

ኣብቲ ሽዑ እዋን፣ እታ ኣብ ዓለም ምሉእ ብዙሓት ሰዓብቲ ዘለዋ ቀዳመይቲ ክፋል ተኸታታሊት ፊልም ሃሪ ፖተር፡ 'ሃሪ ፖተር ኤንድ ዘ ፊሎዞፈርስ ስቶን' ብዝብል ኣርእስቲ ክትስራሕ ጀሚራ ነበረት። እዛ ፊልም መዳርግቲ ዘይተረኸቦ ብዙሒ. መሸጣ ዘመዝገበት እያ።

ሃሪ ፖተር ኣብ 2001 ምስ ተዘርግሐት፣ ኣብ ግዜ መኽፈቲ ተታሒዙ ዝነበረ ብዝሒ. መሸጣ ብምስባር ናይቲ ዓመት ዝበዝሐ ኣታዊ ዝረኸበት ፊልም ኮይኑ። ኣብዚ፣ ተራ ኢማ ቀሊል ኣይነበረን። ስለዝኾነ'ዩ ድማ፡ ብዙሓት ኣፍቀርቲ ሲነማ



ዘኣድዋ። ንሳ ብዘርኣየቶ መሳጢ ስራሕ ን35 ሽልማታት ክትርቋሕ እንከላ፡ ንሽልማት 'ያንግ ኣርቲስት' ድማ ተዓዊታትሉ። ኢማ ዋትሶን ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣብታ ብ 'ሃሪ ፖተር ኤንድ ዘ ቻምበር ኦፍ ሰክረትስ' ዝብል ኣርእስቲ ዝተዘርግሐት ካልኣይቲ ክፋል ፊልም ሃሪ ፖተር ኣብ ምስራሕ'ያ ተጸሚዳ። ኣብኡ'ውን ንልቢ. ተዓዛብቲ ክትሰልብ ኣይሓመቐትን።

ኣብ 2004 ሳልሰይቲ ክፋል ፊልም ሃሪ ፖተር ተዘርግሐት። ብዘይካ'ዚ፣ ብርክት ዝበሉ መጽሔታት ንስርሓ ንምድናቕ ብዙሕ ጽሒፉ። ኣብ 2005ን 2007ን 'ሃሪ ፖተር ኤንድ ዘ ጉብለት ኦፍ ፋየር' ከምኡ'ውን 'ሃሪ ፖተር ኤንድ ዘ ኦርደር ኦፍ ፎኒክስ' ተኸታቲለን ዝወጻ ስራሓት ኢማ ነበራ። ኢማ ብወገና ሽልማት 'ናሽናል ሙቪ ኣዋርድ' ዝርከቦም ሽልማታት ዓቲራ።

'ሃሪ ፖተር ኤንድ ዘ ዴዝሊይ ሃሎውስ' ናይ መወዳእታ ስራሕ ኢማ ኣብ ተኸታታሊት ፊልም ሃሪ ፖተር'ያ። ንሳ ኣብ ሃሪ ፖተር ጥራይ ኣይኮነትን ሰሪሓ። ኣብ 2007 ኣብ ክልተ ካልኦት ዓበይቲ ፊልምታት ሰሪሓ 'ባለት ሹዝ' ከምኡ'ውን 'ዘ ቴል ኦፍ ዴስፐርያክስ' ኣብ ክረምቲ 2011 ተጀሚራ ኣብ መስከረም 2012 ዝተዘርግሐት ፊልም 'ዘ ፐርክስ ኦፍ በይንግ ኤ ዎልፍላወር' ኢማ ዝሰርሓትላ ካልእ ፊልም'ያ።

ኢማ ከም ሞደል ኮይና ብምስራሕ'ውን ኣብዚ ሞያ ሰናፍ ከም ዘይኮነት ኣመስኪራ'ያ። ኸኑ ኣብ ምጅማር ከላ ኣብ ለካቲት 2011 ካብ መጽሔት 'ኢለ' ኣተባባዒ ሽልማት ተቐቢላ። ኣብ መጋቢት 2011 ንትካል 'ላንኮመ' ንኽትወክል ምስ ተሰማምዐት፡ ናይ ፋሽን ስርሓት ምውዕዋዕ ከምትቕጽሎ ርጉጽ ኮነ። ኣብ መስከረም 2009 ኢማ ምስ ትካል 'ፒፕል ትሪ' ምስራሕ ከም ዝጀመረት ብወግዒ ኣፍሊጣ። ኣብዚ. ትካል ናይ ፈጠራ ክእለታ ተጠቒማ ከም ኣማኻሪት ኩይና ክትሰርሕ ጀመረት። ናታ ኣበርክቶ ዝተሓወሶ ኣብ ለካቲት 2010 ዝተዘርግሐ ፍሉይ ቅዲ ዝሓዘ ክዳውንቲ ልዑል ተቐባልነት'ዩ ነይርዎ። እቲ ሰፊሕ ዝርግሐ ዝነበሮ ዝተፈላለየ ዓይነት ክዳውንቲ ኣብ ደቡባዊ ፈረንሳን ለንደንን ጸቡቕ ተቐባልነት ከም ዝረኸበ'ውን ይፍለጥ። ኣብ ከም በዓል 'ቲን ቫግ'፡ 'ኮስሞፖሊታን' ከምኡ'ውን 'ፒፕል' ዝኣመሰሉ መጽሔታት ሰፊሕ ሽፈነ ክረክብ ክኢሉ'ዩ።

ብዘይካ'ዚ. ኣብ ብርክት ዝበሉ ፊልምታት ኣብ 2013 "ዘ ኢንድ"፡ ኣብ 2014 'ኖህ'፡ 2015 'ኮሎኒያ'፡ ኣብ 2017 'ዘ ሰርክል'፡ 2019 'ሊትል ውመን' ዝብሉ ኣርእስታትን ካልኦትን ብርክት ዝበሉ ፊልምታት ዝተዋስኦት ስፖርተኛ እያ። ብዘርኣየቶ ልዑል ጥበብ ኣወሳስኣ ብዙሕ ግዜ ንሽልማት በቒዓ'ያ።

## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ዝኾነ ሰብ ንኽሓርቕ ቀሊል'ዩ። ኣብቲ ዝግብኦ ሰብ፡ በቲ ዝድለ ኣገባብ ኣቀራርባ፡ ኣብቲ ልክዕ ግዜ፡ ኣብ ቅኑዕ ዕላማን ብዝግባእ መገድን ክትሓርቕ ምኽኣል ግና ዝኾነ ሰብ ዝኽእሎ ኣይኮነን።" - **ኣሪስጣጣል**
- "ዝተሰበሩ ልብታት ጸቡቕ ምልክታት'የን፡ ገለ ነገር ከም ዝፈተንና እየን ዝሕብራ።" - **ኤልሳቤጥ ጊልበርት**
- "ኣጠማምታ ዓቢ. ለውጢ. ዘምጽእ ንእሽቶ ነገር እዩ።" - **ዊንስተን ቸርችል**
- "ካብዩ ከም ዝተበገሰ ዘይፈልጥ ናብዩ ይኸይድ ከምዘሎ'ውን ክፈልጥ ኣይክእልን።" - **ጆን በክለይ**
- "ዕዉታት ሰባት ካብ ካልኦት ዝፈልዮም ድሌት እምበር፡ ፍልጠት ወይ ሓይሊ. ኣይኮነን።" - **ቪንስ ለምባርዲ**
- "ኣብ ህይወት ንዘመጽኣካ ማሰኻኽል ከም ኣመጻጽኣኡ ተቐበሎ'ምበር፡ ኣይትጨነቐ።" - **ዘይተፈልጠ**
- "ንሓደ ነገር ክትቅይሮ እንተ ዘይደሊኻ ወይ ክትቅይሮ እንተ ዘይክኣልካ፡ ብውሑዱ ኣብቲ ነገር ዝነበረካ ኣረኣእያ ክትቅይር ይግባእ።" - **ማሪይ እንገል ብረይት**

## ቀ-ጠዐኻ ንምህዳእ

- ምቕጣዕካ ክትሰምዮ ምኽኣል፡ ኣብ ማስርሕ ምህዳእ ቁጥዐኻ ፈላሚን ወሳንን ስጉሚ'ዩ። ምቕጣዕካ ብኸመይ ተህድኦ ንዝብል ሕቶ ኸኣ፡ መልሱ ነቲ ጠንቂ ቀልጢፍካ ኣለሊኻ ረሓቕሉ ዝብል'ዩ። ንኡበሽኻ ካብቲ ኩነታት እሊዩ። ነቲ ቦታ ርሓቐሉ። እቲ ህሞት 'ተበኣስ' ዝብሉ ሆርሞናት ዘለዓዕል'ዩ። ካብቲ ቦታ ምርሓቕ፡ ኑበሽኻ ክሃድእ፡ ኣእምሮኻ ርድኢቱ ክልውጥ ዕድል ትፈጥረሉ። ንምቕጣዕካ ትቈጻጸሮ ኣለኻ ማለት'ዩ።
- ክትቀጥዕ እንከለኻ፡ ወነኻ ኣብ ካልእ ዓይነት ስራሕ ከም ዝጽመድ ክትገብሮ ይምረጽ። መጻናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣዘይቲ ነገራት ከም ምንባብ፡ ቴለቪዥን ምዕዛብን ኣካላዊ ምንቅስቓስን፡ ቁጥዐኻ ኣብ ምፍኳስ ዝበለጹ ሜላታት ምኳኖም ይጥቀሱ።
- ምስ ሓቀኛ ዓርክ መሓዛ ምዝርራብ፡ ካልእ ኣብ ምህዳእ ቁጥዐኻ ዓቢ. ግደ ዘለዎ ተግባር'ዩ። ብመንፈስን ኣእምሮን ጸቡቕካ ምስ ዝደሊ. ሰብ ተመያየጥ። እቲ ምስጢርካ ተካፍሎ ሰብ ግና፡ ሓላፍነትን እሙንን ምኳኑ ፈለማ ኣረጋግጽ።
- ቂምታ ዘይምሓዝ፡ ሰብ ዝጎበረኻ ቅኑዕ ወይ ምኽኑይ ከም ዝነበረ እመን ማለት ኣይኮነን። እቲ ዘድሊ. ሕሩን ክትነብል ተህልኾ ጸዓት ደው ከተብሎን ከምኡ ምግባር ዘለዎ ሃሲያ ክትርደኣን'ዩ። ይቕረታ እንተ ተሓቲትካ፡ ተቐቢልካ ኣብቲ ዝተፈጸመ ጌጋ ምምሓስ ኣወግድ። ዝሓለፈ. ሓሊፉ'ዩ ምባል መብዛሕትና ንኣምኖ'ዩ። ይቕረ ምባል ዝኣምኑ ሰብ'ውን ሒደት ዋላ ኣይኾኑን ብግብሪ ዝፍጽሞ ግና ውሑድ'ዩ። ቂም ሒዝና ንኻልኦት ይቕረ ክንብል ዝከኣል ኣይኮነን።



ይቕረ ዘይምባልና ንዓና እምበር፡ ንኻልእ ኣይሃስን እዩ። ርግጽ'ዩ ሕድገት ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ግዜን ሕልናን ዝድልዮ'ዩ። ሕድገት፡ ኣተሓሳስባኻ ምልዋጥ'ዩ። ወጽኢቱ ከኣ፡ ጠቓሚ ምኻኑ ዘይከሓድ'ዩ።

## ፍራጎላ- ተባሃጊ ፍረ

ፍራጎላ (Strawberry)፦ ኣብ ዓለም ሓደ ካብቶም ኣዝዩ ተፈታውን ተደላይን ፍረታት እዩ። ልዕሊ. 1000 ሜትሮ ብራኸ ኣብ ዘሎዎ ትሮፒካዊ ዞባ ድማ ክበቍል ይኽእል። ፍራጎላ ብጠጠቦጥ እናሰፋሕፈሐ ዝዓቢ. ዓይነት ፍረ ኮይኑ፣ ኣብቲ መዓልቲ ካብ ለይቲ ዝሓጸረሉ ግዜ ድማ ክዕምብብ ይጅምር። ፍራጎላ ፈጣን ምስፍሕፋሕ ዘርእየሉ ግዜ፡ መዓልቲ ካብ ለይቲ ኣብ ዝነውሓሉ ወርሓት እዩ።

ፍረ ፍራጎላ መብዛሕትኡ እዋን ምስ ቀይሐ እዩ ዝቕንጠብ፡ ናብ ርሑቕ ቦታ ዝለኣኽ ምስ ዝኾውን ድማ የዐርዩ ከይቀይሐ ከሎ ክቕንጠብ ይግባእ። ምኽንያቱ ኣብ ዕዳጋ ከይበጽሐ ክበላሾ ስለዝኽእል። እዚ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ 1894 ኣብ ኣመሪካ ጸቡቕ ምህርቲ ክሕፍሶ ዝጀመረ ፍረ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ተፈታውነቱን ተደላይነቱን ዓቢዩ ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ዓለም ብሰፊሑ ተዘርጊሑ፣ ኣብ ማሕበራውን ንግዳውን ንጥፈታት ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝህብ ዘሎ ምኑጽ ፍረ እዩ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ዝማም ጉብሩ ወልደሚካኤል ተኸሰስቲ፡ 1.ኣቶ ታደሰ ጉብሩ 2.ኣቶ ኣፈወርቂ ጉብሩ 3. ኣቶ ተሰፎም ጉብሩ 4. ወ/ሮ ምሕረት ጉብሩ 5.ኣቶ ተስፋልደት ጉብሩ፣ ናይ ወለድና ወራሲት ምኳነይ ስለዘረጋገጸኩ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንምቅሊት ይጸውዑለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሮማን ርእሶም ገዘሀይ፡ በዓል-ቤተይ ብርሃ ቀሺ ሓጎስ ገብረመሲ ስለዝዓረፈ፡ ጉዳይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቒና ደማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ያቆብ ተኽለ ይማስገኑ ኣቦይ ተኽለ ይማስገን ክብርኣብ ስለዝዓረፈ፡ ብዘውት ከሎ ዝገደፈለይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ለተንከኤል ጉብረዝጋብሄር ወልደገርግሽ ምግል ተረፋ፡ ሰዘ. ጉብረዝጋብሄር ወልደገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እምኒ ሓይሊ

ከሳሲት ለተኺዳን ተኽለ ዘሙይ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ደሱሓቕ ጉብረማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ንሕና 1. ኣቶ ክፍለ ጉብረእግዚኣብሄር ድራር 2. ወ/ሮ ግደይ ጉብረእግዚኣብሄር ድራር፡ ሓብትና ኣ/ሄር ደንቅሽ ጉብረእግዚኣብሄር ድራር፡ ኑቲ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ቀላውታ ፕሎት 54 ቁጽሪ ፓርሰል ዞን ASP00002984 ፓርሰል "1" ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜትር ጎደና 713-54 ቁጽሪ ገዛ 52 ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1:012993/1 ዕለት 09/11/2017 ብስማ ዝተመዝገበ ገዛኣ፡ ኣብ ቅድሚ ሬጂስትራር ቤት ፍርዲ ብውህብቶ ስለ ዝሃበትና'ሞ ናብ ስምና ክትመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ/ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ኣቶ ክፍለ ጉብረእግዚኣብሄር ድራር
ወ/ሮ ግደይ ጉብረእግዚኣብሄር ድራር

---

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **IT Superintendent** |
| **Number required** | **1** |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Zara) |
| **Reporting to:** | Finance & IT Manager |
| **Primary Responsibility & Scope of Work** | - Reporting to the Finance Manager, the IT Superintendent is responsible for managing all IT infrastructure, applications, and staff.<br>- The position is responsible for overseeing IT projects from inception through completion and training IT staff. Work closely with senior management to provide workable IT solutions to business requirements. |
| **Duties:** | ✓ Accomplishes information technology staff results by communicating job expectations; planning, monitoring, and appraising job results; coaching, counselling, and disciplining employees; initiating, coordinating, and enforcing systems, policies, and procedures.<br>✓ Maintains staff by recruiting, selecting orienting, and training employees, maintaining a safe and secure work environment, and developing personal growth opportunities.<br>✓ Maintains the organization's effectiveness and efficiency by defining, delivering, and supporting strategic plans for implementing information technologies.<br>✓ Directs technological research by studying organization goals, strategies, practices, and user projects.<br>✓ Completes projects by coordinating resources and timetables with user departments and data Centres.<br>✓ Verifies application results by conducting system audits of technologies implemented.<br>✓ Preserves assets by implementing disaster recovery, backup procedures, and information security and control structures.<br>✓ Recommends information technology strategies, policies, and procedures by evaluating organization outcomes; identifying problems; evaluating trends; anticipating requirements.<br>✓ Accomplishes financial objectives by forecasting requirements; preparing an annual budget; scheduling expenditures; analysing variances; initiating corrective action.<br>✓ Maintain quality service by establishing and enforcing organization standards.<br>✓ Monitor IT infrastructure including servers, routers, bandwidths, firewalls and storage, network access, backup system, and license requirements. |
| **Formal Education, Certifications, or Equivalents** | - Required – IT-related University Degree<br>Required – Current Cisco certifications (CONP or above).<br>Any other recognized systems, network, or technology-related certificate. |
| **Working Experience – Nature & Length** | - Minimum 10 years working in an IT role with at least 5 years spent in a senior position with supervisory responsibility and 5 years in the Mining industry.<br>- Proven ability to execute large IT projects.<br>- Expert knowledge in resolving complex IT-related business issues,<br>- Proven track record implementing and maintaining network communication including – VSAT/WAN Fibre Optic plant, Voice, Internet, and CCTV RF communications.<br>- Proven track record implementing and maintaining Microsoft Windows Server infrastructure – Active Directory, OWS, DNS, DHCP, SQL Server, etc.<br>- Extensive exposure to enterprise IT infrastructure and application concepts.<br>- Experience providing structured and on-the-job IT training.<br>- Experience managing 3rd party suppliers and contractors.<br>- Experience in troubleshooting and support of a large-scale ERP system.<br>- Experience in managing virtualized platforms. |
| Leadership Experience - Nature & Length of Time | - At least 5 years in a senior IT role supervising staff and proven experience managing IT project work. |
| Other skills and abilities | - Valid driving license<br>- Excellent written and spoken English. |
| Salary: according to Company's salary scale. | |
| Additional Requirement for nationals: Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Provide clearance from the current/last employer. Applications should be sent through the Post Office.<br>Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned. | |
| Address: Please mail your applications to Zara Mining Share Company. P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea. | |
| Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. | |
| Deadline for application: 10 days from the day of the announcement. | |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊት ጋንታ ገምጋም ኣካይዳ

ኣብ ከተማ 'ዳርኤ ሰላም' ታንዛንያ፡ ኣብ ዝተኻየደ መጻረዪ ዋንጫ ኮዕሶ ሰከባት ኣፍሪቃ (AFRO-CAN) ዝተሳተፈት ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰከባት ኤርትራ፡ ናብ ሃገራ ድሕሪ ምምላሳ ምስ ኣባላት ሃገራዊ ፌደረሽን እቲ ዓውዲ ሓጺር ርክብ ገይራ።

ኣብቲ ዝተኻየደ ርክብ፡ ነታ ጋንታ ጠርኒፉ ዝሸደ ፕረሲደንት እቲ ፌደረሽን ኢ/ር. ሄኖክ ኣሚኑ፡ ሃገራዊት ጋንታና ኣብ ታንዛንያ ካብ እትኣቱ ኣትሒዙ ዘጋጠማ ጸገማትን ዝተሰርዓ ተደራራቢ ውድድራትን ወሲኹ፡ ብዓሊ ግዜ ከም ዝሓለፈት ገሊጹ። ይኹን እምበር፡ ምስ ኩሉ እቲ ዘጋጠማ መሰናኽላት ዘርኣየቶ ብቕዓትን ተወዳዳርነትን ዝምስገን ምንባሩ ኣረዲኡ።

ኣሰልጣኒ እታ ሃገራዊት ጋንታ ኣቶ ንጉሰ ሃብተማርያም ብወገኑ፡ ንዝተገብረሉም ናይ ምፍናውን ምቕባልን ስነ-ስርዓት ድሕሪ ምምስጋኑ፡ እዛ ጋንታ ዘርኣየቶ ተወዳዳርነት ንቕጻሊ ዝህልዋ ሓያል ቀመና ዘተምብህ ብምዃኑ ካብ ሕጂ ጀሚሩ ክጸዓረሉ ከም ዝግባእ ኣረዲኡ።

ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ኣቶ ኣብል ኣፈወርቂ ከኣ፡ ኣብቲ ውድድራት መጉዓዝቲ ናይ ክልተ ወሰንቲ ተጻወትቲ ሓደ ካብቲ ዘጋጠማ መሰናኽል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሃገራዊት ጋንታ ብዘይቕዓት ነካ ወቕሀደት ማዕረ መወዳድርታ ምንባራ፡ ኣብ ቀጻሊ ድማ ካብ ህጻናት ጀሚሩ ክጽዓረሉ ተላቢዑ።

እዛ ሃገራዊት ጋንታ ዘርኣየቶ ጸወታ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ኣንጻር ታ ዕውትቲ ናይ'ቲ ውድድር ሃገራዊት ጋንታ ብሩንዲ ዘርኣየቶ ተወዳዳርነት ዝምስገን ምንባሩ ይገለጽ - ዋላ'ኳ ብሰለስተ ሸቶ ጥራይ ተበሊጻ እንተተሳዕረት።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣባል እዛ ሃገራዊት ጋንታ እስራኤል መልጌታ፡ ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ (ናይ ሰለስተ ነጥቢ ሸቶ) እዚ ውድድር ብምዃን ወርቂ መዳልያ ተሸሊሙ። እዚ መንእሰይ ዝተሸለማ መዳልያ፡ ተስፉ እትሰንቕ፡ ውጽኢት ወቕሀደት ኩሎም ተጻወትቲ ምዃና ተገሊጹ ክቡል ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።



## ኩዕሶ ሰኪዕት ዞባ ማእከል ይቕጽል

ሻምፕዮና ኩዕሶ ሰከባት ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ ናይ ካልኣይን ሳልሳይን ዲቪዥን ግጥማት ቀጺሉ ነይሩ።

ፈለማ ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ዕዳጋ ሓሙሰን ዩኒቨርስን ክፋለማ እንከለዋ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ብጸቢብ 17-ብ14 ተዓዊታ። ሮያልስ ከኣ፡ ንግሪክል 44-ብ15 ሰዒራታ። ተስፋ እውን ንማራት 32-ብ2 ኣሰኒፋታ።

ጸወታ ናይ ሳልሳይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ ተስፋን ዕዳጋ ሓሙሰን እውን ኣካል እቲ ዕለት ነይሩ። ኣብዛ ብኽልቲኤን ጋንታታት ሰፊሕ ንምቅስቓስ ዝተራእየላ ጸወታ፡ ዕዳጋ ሓሙስ 55-ብ24 ተዓዊታ። ኣባላ ዓወት ኣሮን 21 ሸቶታት ብምምዝጋብ መሪሕ ተራ ክጻወት እንከሎ፡ ወዲ ጋንታኡ ዮናታን ማሴ ከኣ 12 ሸቶታት ምምዝጋቡ ህዝባዊ ርክባት ሓቢሩ።



## ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ንዕዉታት ተማሃሮ ኣተባቢዑ

ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ፡ ኣብ ኣካዳምን ስፖርትን ንዝተዓወቱ ተማሃሮ ኣተባቢዑ።

ኣብቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ መምህር ኣብርሃለይ ኣረፋይነ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሎሚ ዓመት ብጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ኣብ ዝተሰርዐ ውድድራት፡ እቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ኩሉ ውድድራት ጽቡቕ ወጽኢት ብምርካቡ እንቋዕ ሓጎሰኩም ኢሉ። ንሱ ቀጺሉ፡ እታ ንኡስ ዞባ፡ ካብ 2017 ክሳብ 2023 ኣኪቶቲላ ንሻዱሻይ ግዜኣ ጉብለል ምዃና ብምግላጽ፡ "ሳላ ጻዕሪ መምህራን፡ ኣካላዊ ትምህርትን ተማሃሮን እዩ፡ ኣብ ዝመጸኡ ካብዚ ንላዕሊ ኣብርቲዕኩም ብምስራሕ፡ ዕውታት ስፖርታውያን ኳንኩም ስምኩምን ስም ሃገርኩምን ከም እተጻውዑ ጥርጥር የብለይን።" ኢሉ።



በዚ መሰረት፡ እዚ ንኡስ ዞባ፡ ካብ መባእታ ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ዘለዋ ቤት ትምህርትታት (ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ) እዩ ሽሊሙ ዘሎ። ኣብ ኩዕሶ እግሪ ሰከባት፡ መርገብ፡ ኣትሌቲክስን ቅድድም ብሽክለታ ማውንተይን ባይክን ዕዉታት ዝኾና ቤት ትምህርቲን ተማሃሮን ድማ ተሸሊሞም።

ብሓፈሻዊ ውጽኢት ከኣ፡ ካብ መባእታ፡ ቤት ትምህርቲ ዓወት ጉብለል ክትከውን እንከላ፡ ካብ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል ተዓዊታ። ብዘይካ'ዚ፡ ብጠቕላላ ካብ መባእታ ቤት ትምህርቲ መቐደር፡ ካብ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል ተሸሊመን። ዕዉታት ድማ፡ ዝተዳለወሎም ሽልማት - ዋንጫ፡ ምሉእ ዕጥቂ፡ መዳልያ፡ ኮዓሶን መጻሕፍትን ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ምቕባሎም ካብቲ ጨንፈር ዝተረኸበ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

## ሉካስ፡ ናብ ፒኤስጂ ተሰጋጊሩ

ናይ ጸጋም ክንፊ ተኸላኻሊ ክሉብ ባየር ሙኒክ - ሉካስ ሀርናንደዝ፡ ናብቲ ክትሃድኖ ዝጸንሐት ፈረንሳዊት ክሉብ ፒኤስጂ ምስግጋሩ፡ ትማሊ ዝወጸ ውዱእ ማስርሕ ምስግጋር ዝሕብር ዜና ኣረዲኡ።



ድሮ ኣብ ከተማ ፓሪስ ምህላዉ ዝገለጸ - ሉካስ፡ መልቀቒ ዋጋኡ ካብ 48 ክሳብ 50 ሚልዮን ዩሮ ከምዝበጽሕ ይግለጽ። ኣብ ዋና ከተማ ፓሪስ ከኣ፡ ክሳብ ሰነ 2026 ዝጸንሖ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ክፍርም እዩ።

እዚ ፈረንሳዊ ተኸላኻሊ፡ ክትሽጦ ድላይ ከምዝይነበራ እትገልጽ ባየር ሙኒክ፡ ክሳብ ሰነ 2027 ዝጸንሖ ውዕል ከተፈርሞ እያ መዲባ ነይራ። ይኹን እምበር፡ ሉካስ፡ ነቲ ኣብ ሰነ 2024 ዝውድእ ውዕል ከሐድሶ ብዘይምድላዩ፡ ሓያሲቲ ቦርድ እታ ጋንታ "ሓዲሽ ውዕል ምፍራም ወይ ኣብዚ ወቕቲ ምውጻእ" ኣብ ዝብል መርገጺ ምውዳቖም ይንገር። በዚ ድማ፡ ካብ ንዓመታት ብናጻ ዘኽስርዎ ኣብዛ ክረምቲ ዘኽሱብ ከሰቦም ናብታ ናይ ሃገሩ ክሉብ ክሰድዎ ተቐሲቦም ኣለው።

ብመሰረት ናይ ቀረባ ወገናት'ውን፡ እዛ ጋንታ፡ ንቦታኡ በቲ ኣብ ራዳር ዓባይቲ ክለባት ኣትዩ ዘሎ ተኸላኻሊ ናፖሊ - ኪም ሚን ጃይ ክትትክኦ ኢያ። ምስዚ ደቡብ ኮርያዊ መንእሰይ ተኸላኻሊ ብውልቂ ተሰማሚዓ ምህላዋ እትገልጽ ሙኒክ፡ ክሳብ ሰነ 2028 ዝጸንሕ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ከተፈርሞ ኢያ። ዛጊት ግና፡ ምስ ጋንታኡ ናፖሊ ኣይወድኣትን ዘላ።

ሓደ ካብ ዝበለጹ ተኸላኸልቲ ናይዚ እዋን ምዃኑ ዝገለጸ - ሉካስ፡ ኣብ 2019 ካብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ናብ ባየር ብ80 ሚልዮን ዩሮ ብምስግጋሩ "እቲ ዝኸበረ ተጻዋታይ እዛ ጋንታን ቡንደስሊጋን" ክኸውን ክኢሉ እዩ። እዚ ውሑስ ተኸላኻሊ፡ ምስ ሃገሩ ዋንጫ ዓለም 2018 ከልዕል እንከሎ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ግና፡ ኣብ ናይ ምድኒብ ጸወታ ብሰሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ካብቲ ውድድር ብኢጋኡ እዩ ተኣልዩ። ቦታኡ ብምንኣስ ሓዉ ቲዮ ሀርናንደዝ ክትካእ እንከሎ፡ ፈረንሳ ከኣ፡ ብኣርጀንቲና ተሳዒራ ካልኣይ ደረጃ ምሓዛ ይዝከር።

## ሞሪኖ፡ ልዑል ክፍሊት ተሓሲሙ

ሞሪኖ፡ ካብ ስዑዳዊት ክሉብ ኣል ሂላል ዝመጽኦ "ዝኸበረ ኣሰልጣኒ" ክጸውዕ ዝኽእል ዝበለጸ ውዕል ከምዝተሓሰሞ ተሓቢሩ።

እዛ ጋንታ፡ ንሞሪኖ፡ ዓመታዊ 26 ሚልዮን ፓውንድ ብምኽፋል ኢያ ክትቖጽሮ ሓሲባ ነይራ። ኣብዚ እዋን ኣሰልጣኒ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዲየጎ ሲሞን እዩ ዓመታዊ ብ30 ሚልዮን ፓውንድ (34 ሚልዮን ዩሮ) ብምቕባል ኣብ ቀዳማይ ዝርከብ። ይኹን እምበር፡ ብሰንኪ ኣብ እስጳኛ ዘሎ ናይ ግብሪ ማስርሕ፡ ትሕቲ'ቲ ሞሪኖ ዝተሓሰሞ እዩ ኣብ ኢዱ ዝቕበል - ብመሰረት ጸብጻባት። ስዑዲ ዓረብ ግና፡ ውልቃዊ ግብሪ ከምዘይተኸፍል እዩ ዝገለጸ።

ኣብዚ እዋን ኣብ ሮማ ሒዝዎ ዘሎ ፕሮጀክት ጥራይ ኣድሂቡ ዘሎ - ሞሪኖ፡ ዓመታዊ በዛ ኢጣልያዊት ክሉብ 8.1 ሚልዮን ፓውንድ ይኽፈል። በዚ ከኣ፡ ድሕሪ - ሲሞኔ፡ ጓርድዮላ 19.7 ሚልዮን ፓውንድ፡ ክሎፕ 15.7 ሚልዮን ፓውንድ ዝርከቦም ካልኣት ኣርባዕተ ኣሰልጠንቲ ተሰሪዑ ኣብ ሻሙናይ ደረጃ ይርከብ።

ኣል ሂላል፡ ንሞሪኖ ሕቶ ቅድሚ ምቕራቡ፡ ንዓላሚ ጁቬንቱስ ማሲሚልያኖ ኣለግሪ እውን ዓመታዊ 17 ሚልዮን ፓውንድ እናኸፈለት ከሰልጥና ጠሊብ ኣቕሪባትሉ ነይራ። ንሱ ግና ነጺጉዋ። ክለባት ስዑዲ ዓረብ፡ ካብ ዓበይቲ ጋንታታት ኤውሮጳ ልዑል ስም ዘለዎም ተጻወትቲ ኣብ ምምጻእ ተጸሚደን ምህላወን ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣሰልጠንቲ ንምፍራም'ውን ይሰርሓ ኣለዋ።

## ካንተ፡ ጋንታ ገዚኡ

ንጎሎ ካንተ፡ 'ሮያል ኤክሰልሲየር ቨርቶን" ንእትብሃል ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ክለባት ቤልጅዩም እትጻወት ክሉብ ምግዛኡ ተቓሊሑ።

ካንተ፡ ነዛ ክሉብ ካብቲ ከም ኣቦመንበራ ኮይኑ ዝመርሓ ዝነበረ ፍላቪዮ በካ ኣብ ዝመጽእ 1 ሓምለ ክቕበላ እዩ። እዚ ማለት፡ ልክዕ ኣብታ ናብ ስዑዳዊት ክሉብ ኣል-ኢቲሓድ ዝጸምበረላ መዓልቲ ኢያ። እዚ ፈረንሳዊ፡ ቅድሚ 10 መዓልታት እዩ ካብ ቸልሲ ናብ ኣል-ኢቲሓድ ክምጸበር ተሰማሚዑ። ዛጊት ግና፡ ካንተ፡ ነዛ ጋንታ ንምግዛእ ክፍሊት ፈጺሙ ዲዩ ወላስ ብሕጂ እዩ ዝወጸ ዝርዝር ሓበሬታ የለን። ይኹን እምበር፡ እታ ጋንታ፡ ካብ ዕዳ ናጻ ምዃናን ኣብ ዝቕጽል መዓልታት ሓያሽቲ ቦርድ ምምሕዳር ክትመዝዘ ምዃናን ተፈሊጡ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ እዛ ጋንታ፡ ፕሮፈሽናል ፍቓድ/ላይሰንስ ንምርካብ ኣብ ስራሕ ዘላ ኮይና፡ ኣብ 2023-24 ከኣ ኣብቲ ናይታ ሃገር ናይ ቀዳማይ ዲቪዥን ውድድር ክትጻወት ኢያ። እንተኾነ እቲ ደረጃ፡ ካብቲ ናይታ ሃገር ላዕለዋይ ሊግ ዝኾነ ፕሮ ሊግ ቤልጅዩም ብኽልተ መሳልል ዝድሓረ እዩ።

እዚ ናይ ካንተ ጋንታ ናይ ምውናን ዜና፡ ዊልፍረድ ዛሃ ጋንታ ድሕሪ ምግዛኡ፡ ድሕሪ ወሰናት መዓልታት እዩ ዝቃላሕ ዘሎ። ኣጥቃዓይ ክሪስታል ፓላስ - ዛሃ፡ ምስ 'ስትሮምዚ' ዝተባህለ ራፐር (ደራፋይ) ብምዃን 'ክሮይዶን' ዝተባህለት ኣብ ሊግ ዘይተመዝገበት እንግሊዛዊት ጋንታ ምግዛኡ ተቓሊሑ ነይሩ።

## ቶረስ፡ ምስ ኣስቶን ቪላ…

ብሞግልያ እስጳኛዊት ክሉብ ቪያሪያል ክጻወት ዝጸንሐ - ፓዉ ቶረስ፡ ናብ ኣስቶን ቪላ ብ35 ሚልዮን ፓውንድ ክሰጋገር ምስምማዕ ተሓቢሩ።

ቶረስ፡ ኣብ ላ'ሊጋ ክርእዮ ብዝጸንሐ ምንቅስቓስ ብዓየር መኒክእውን ተጉዳሰሉት ረኺቡ ምንባሩ ይግለጽ። እንተኾነ፡ መኒክ፡ ንኪም ሚን ጃይ ወዲኣትሉ ምህላዋ እዩ ዝገለጸ። ብዓብኡ ግና፡ ቶረስ፡ ኣብ ራዳር እቲ ኣብ ቪያሪያል ኣሰልጣኒኡ ዝነበረ ናይ ሕጂ ዓላሚ ቪላ - ኡናይ ኤምሪ ኣትዩ ጸኒሑ። ኤምሪ፡ ዳሕረዋይ መስመር ክለቡ ንምድልዳል ኣብ ዝሰርሓሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብዚ ክረምቲ'ዚ ተኸላኻሊ ብኣንክሮ እዩ ክከታተሎ ጸኒሑ።

በዚ ድማ፡ ቶረስ፡ ድሕሪ ክልተ ዓመታት ካብ ቪያሪያል ብምውጻእ ምስ ናይ ቀደም ኣሰልጣኒኡ - ኤምሪ ክጸምበር እዩ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## "ኣመሪካ፡ ካሕሳ ናይ ምኽፋል ግዴታ ኣለዋ" መንግስቲ ኒካራግዋ

ኣመሪካ፡ ብመሰረት'ቲ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ቅድሚ 30 ዓመታት ዘሕለፎ ውሳኔ፡ ንኒካራግዋ ካሕሳ ናይ ምኽፋል ሕጋዊ ግዴታ ከምዘለዋ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኒካራግዋ ደኒስ ሞንካዳ ገሊጹ።

እቲ ሚኒስተር፡ ዝሓለፈ ሰሉስ እዩ ኒካራግዋ ካብ ኣመሪካ ካሕሳ ናይ ምቕባል መሰል ከምዘለዋ ዝገልጽ ሰነድ ናብ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣረኪቡ። እቲ ሰነድ ብፕረዚደንት ኒካራግዋ ዳንኤል ኦርቴጋ ዝተፈረመ ኮይኑ፡ ናብ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ እዩ ተረኪቡ።

ኣብቲ ሰነድ፡ ቅድሚ 30 ዓመታት ኣመሪካ ንህዝቢ ኒካራግዋ ዘይከፈለቶ ካሕሳ ከምዝሎ ተጠቒሱ ይርከብ።

ብተወሳኺ፡ እቲ ሰነድ ኒካራግዋ ነቲ ካሕሳ ናይ ምርካብ መሰላ ከምዘይሓደገቶ የጸር።

እቲ ሰነድ ከምዘዘክሮ፡ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ብ27 ሰነ 1986 ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኒካራግዋ ብሰንኪ ዘየደደቶ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ኣብታ ሃገር ናይ ዝወረደ ዕንወት ካሕሳ ክትከፍል እዩ ውሳኔ ኣመሓላሊፉ ነይሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኒካራግዋ ደኒስ ምስ ኣገልግሎት ዜና ሺንህዋ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘየደ ቃለ-መሕትት፡ "ኣመሪካ ብመሰረት እቲ ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ኒካራግዋ ንዘውረደቶ ጉድኣት ክትካሕስ ግዴታ ኣለዋ" ክብል ሓቢሩ።



ንሱ ወሲኹ፡ ኣመሪካ ኣብ ሰብኣዊ ማሰላት ድርብ መዐቀኒታት ከምእትጥቀምን ንልኡላውነት ካልኦት ግዝኣታት ክብሪ ከምዘይትህብን ገሊጹ።

እቲ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ፡ ኣመሪካ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ካልኦት ሃገራት ኢዳ ከይተእቱ፡ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሃገር ሓይሊ ከይትጥቀም፡ ልኡላውነት ሃገራት ከይትግህስን ኣብ ሰላማዊ ንግዲ ባሕሪ ጣልቃ ከይትኣቱን ብኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ንዘተዋህበ ትእዛዝ ከምዘጠሓሰት ድሕሪ ምርግጋጹ እዩ ነቲ ውሳኔ ኣመሓላሊፉ።

## ዒራቕ - ርብዒ ሚልዮን ከኒናታት ዕጸ-ፋርስ ኣብ ትሕቲ-ቍጽጽር ኣትዩ

ንዒራቕን ሶርያን ኣብ ዝዳውብ ከባቢታት ኣብ ዝርከብ ቤት-ትምህርቲ፡ 250 ሽሕ ከኒናታት 'ካፕታጎን' ዝተባህለ ዕጸ-ፋርስ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ከምዝኣተወ ሰበ-ስልጣን ዒራቕ ገሊጾም።

ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ዒራቕ ዓብደል ኣሚር ኣል-ሻማሪ ዝሓለፈ ረቡዕ ብማሕበራዊ መራኸቢ ፈይስቡክ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ ብመልክዕ ከኒና ዝተዳለወ ዕጸ-ፋርስ ኣብ ኣውራጃ ኣል-ኣንባር ኣብ ከተማ ራማዲ ኣብ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ድሕሪ ዝተኻየደ ስርሒት ከምእተታሕዘ ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ፖሊስ'ታ ሃገር 1 ኪሎ ዝምዝን ዕጸ-ፋርስ 'ሃሽሽ' እውን ኣብ ቀጽጽር ከምዝወዓለ ገሊጹ።

ዒራቕ ንዝዊሕ እዋን ከም መተሓላለፊት ማሰመር ዕጸ-ፋርስ ኮይና ከምዝጸንሐት ጸብጻባት ይሕብሩ።

ሶርያ ዳግማይ ናብ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ድሕሪ ምምላሳ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጸ-ፋርስ ንምምካት ምስ ጎረባብቲ ሃገራት የርዳኖስን ዒራቕን ከምእተሰማምዐት ዝዝከር ኮይኑ፡ ኣብ መላእ እቲ ዞባ ዝርከባ ሃገራት ግን ብሰበቡ ናይቲ ኣብ ዓመት ብቢልዮናት ዶላራት ዝግመት ንግዲ ዕጸ-ፋርስ ደጋሊዋ ከምዘለዋ እዩ ዝግለጽ።




ብተመሳሳሊ ዝሓለፈ ሰሉስ ፖሊስ ሊባኖስ ኣብ ጥቓ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ በይሩት ኣብ ዝርከብ መኽዘን ኣብ ዘየደ ስርሒት፡ ናብ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ክለኣኽ ዝተሓሰበ ኣስታት 450 ሽሕ ከኒናታት 'ካፕታጎን' ከምዝሓዘ ምሕቡሩ ኢደርሰዕ።

'ካፕታጎን'፡ ልዑል ናይ ምንቕቓሕ ዓቕሚ ዘለዎ ጭኡታ ዝውሃን ዕጸ-ፋርስ እዩ።

## ኣብ ምፍዋስ መንሸሮ ዝሕግዝ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ማዕቢሉ

ሕሙማት መንሸሮ ቅድሚ ጨረርታዊ ፍወሳ (ራዲየሽን ቴራፒ) ምጅማሮም፡ ንዋህዮታት መንሸሮ ብቐልጡፍ ዘለሊ ሓድሽ ቴክኖሎጂ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ከምእተምሃዘ ተገሊጹ።

በዚ ድማ፡ እዚ ሓድሽ ቴክኖሎጂ ንሱብ ሞያ ጥዕና፡ ዋህዮታት መንሸሮ ብቐሊሉ ንምልላይን ነቲ ጨረርታዊ ፍወሳ ኣድማዒ ብዝኾነ መንገዲ ንምስልሳልን ክሕግዞም ትጸቢት ከምዘሎ መጽናዕቲ ናይቲ ቴክኖሎጂ ዝኸዱ ተመራመርቲ ብሪጣንያ ሓቢሮም።

ኣቐዲሙ፡ በዓል ሞያ ጥዕና ኣብ ኣዕጻምቲ ወይ ውሽጣዊ ኣካላት ሓደ ሕሙም መንሸሮ ኣስታት 100 መርመራታት ክንበር ከምዝካየድን ነፍሲ-ወከፍ መርመራ ድማ ካብ 25 ደቓይቕ ክሳብ ክልተ ሰዓታት ክወስድ ከምዘጸንሐን እዩ ዝጥቀስ።

እዚ ሓድሽ ቴክኖሎጂ ግን 90 ሚእታዊት ቅኑዕ ሓበሬታ ዝህብ ኮይኑ፡ ካብቲ ዝጸንሐ ኣገባብ ብዝዓጸፈ ዝቐልጠፍ ምዃኑ ተመራመርቲ የረድኡ።

ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ንመስርሕ መርመራ ናይ ምቅልጣፍ ዓቕሚ ከምዘለዎን ሓኪይም ኩነታት ሕማም ኣቐዲሞም ክፈልጡ ከምዝሕግዝን በዚ ድማ ሕሙማት ዝሓሸ ናይ ምሕዋይ ዕድል




ክህልዎም ዘኽእል ምዃኑ'ዩ ዝግለጽ።

እንተኾነ፡ እቲ ሓድሽ ተክኖሎጂ ንልዑል ክእለት ሓኪይም ክትክእ ከምዘይክእል እዩ ገለ ወገናት ዝጠቕሱ።

## ደሴታት ሰሎሞን ምስ ኣውስትራልያ ዘለዋ ውዕል ጸጥታ ትኽልስ

ቀዳማይ ሚኒስተር ደሴታት ሰሎሞን ማናሴ ሶጋቫረ፡ ኣብ ዞባ ፓስፊክ ኣብ መንጎ ቻይናን ኣመሪካን መሻርኽታን ዘሎ ስትራተጂያዊ ውድድር እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ሃገሩ ምስ ኣውስትራልያ ዝኣተወቶ ውዕል ጸጥታ ዳግማይ ክግምገም ጻውዒት ኣቕሪቡ።



ቀዳማይ ሚኒስተር ማናሴ ሶጋቫረ ነቲ ጻውዒት ዘቕረበ ዝሓለፈ ረቡዕ ምስ ሚኒስተር ምክልኻል ኣውስትራልያ ሪቻርድ ማርለስ ኣብ ርእሰ-ከተማ ደሴታት ሰሎሞን ድሕሪ ዘየደ ርክብ እዩ።

ሪቻርድ ማርለስ ብዛዕባ ጸጥታዊ ጉዳያት ንምዝርራብ ናይ ክልተ መዓልታት ዑደት ንምፍጻም'ዩ ዝሓለፈ ረቡዕ ናብ ደሴታት ሰሎሞን ኣምሪሑ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ደሴታት ሰሎሞን ብወገኑ ኣብ ቀረባ መዓልታት ናብ ህዝቦት ሪፓብሊክ ቻይና ምብጻሕ ክካየድ ወጠኑ ከምዘሎን ብዘዕባ ምስ ኣውስትራልያ ዝተኸተመ ጸጥታዊ ውዕል ንሰብ-ስልጣን በይጂንግ መብርሂ ክህብ'ውን ትጸቢት ኣሎ።

ኣውስትራልያ ብመሰረት ኣቐዲማ ምስ ደሴታት ሰሎሞን ዝኸተመቶ ውዕል ጸጥታ፡ ኣብ 2021 ኣብታ ሃገር ኣንጻር መንግስቲ ድሕሪ ዝተኻየደ ተቓውሞታት ወተሃደራታ ከምዝለኣኸት ይፍለጥ።

ደሴታት ሰሎሞን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ምስ ቻይና እውን ጸጥታዊ ስምምዕት ከምእተፈራረመት ዝዝከር ኮይኑ፡ በዚ ማሰረት ፖሊስ ቻይና ድማ ንፖሊስ ደሴታት ሰሎሞን ኣብ ምምልማልን ምዕጣቓን ከምዝርከብ እዩ ዝግለጽ።

## ደቡብ ኮርያውያን ክኸተሉዎ ዝጸንሑ ኣቆጻጽራ ዕድመ ቀዪሮሞ


መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ንልምዳዊ ኣገባብ ኣቆጻጽራ ዕድመ'ታ ሃገር ብዓለምለኻዊ ኣገባብ ክትካእ ድሕሪ ምውሳኑ፡ ዕድመ ነፍሲ ወከፍ ዜጋታ ሃገር ካብ ዝጸንሐ ዕድመኦም ብሓደ ወይ ብኽልተ ዓመት ከምዝዘሪ ተገሊጹ።

እታ ሃገር ክትጥቀመሉ ብዝጸንሐት ኣቆጻጽራ ዕድመ መሰረት፡ ዜጋታት ክውለዱ እንከለዉ ሓደ ዓመት ኣሎም ከምዝቖጻጸሩን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 1 ጥሪ ድማ 1 ዓመት ከምዝወሰኹን ይንገር።

እንተኾነ ካብ ሎሚ ኣትሒዙ፡ እቲ ዝጸንሐ ልምዳዊ ኣቆጻጽራ ተሪፉ፡ እቲ ሰፊሕ ተቐባልነት ዘለዎ ኣህጉራዊ ኣቆጻጽራ ዕድመ ኣብ ምምሕዳራትን ካልኦት ኣብያተ-ጽሕፈትን ተግባራዊ ክኸውን ምዃኑ ኣገልግሎት ዜና'ታ ሃገር ሓቢሩ።

መንግስቲ እታ ሃገር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ለውጢ ንዝጸንሐ ምድንጋራት ከቃልሎ ተስፋ ከምዘለዎ ሓቢሩ።

እንተኾነ ኣብ ገለ ወሰንቲ መዳያት ማለት ከም ኣብ ትምህርቲ፡ ብቑዕነት ወተሃደራዊ ኣገልግሎትን ሕጋዊ ዕድመ መስተን፡ ብኻልእ ፍሉይ ስርዓተ ዕድመ




ከምዝልክዑ ብምሕባር፡ እቲ ዝጸንሐ ስርዓት ኣቆጻጽራ ከም ቀደሙ ክቕጽል ምዃኑ ሚኒስተር ሕጊ'ታ ሃገር ኣረዲኡ።

ደቡብ ኮርያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ነቲ ዝጸንሐ ልምዳዊ ኣቆጻጽራ ብምፍራስ ነቲ ኣህጉራዊ ኣገባብ ምልኡእ ብምልኡእ ንምቕባል ሕግታት ምጽዳቓ ይዝከር።

ብመሰረት መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ዘየደ መጽናዕቲ፡ 86 ሚእታዊት ካብ ዜጋታት እታ ሃገር እቲ ሓድሽ ሕጊ ተግባራዊ ምስ ዝኸውን፡ ነቲ ኣህጉራዊ ኣቆጻጽራ ዕድመ ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ክጥቀምሉ ምዃኖም የጸር።

ሓደ ህጻን ኣብ ማህጸን ኣደ ዘሕለፎ ግዜ ደማሪካ ዕድመ ምቑጻር፡ ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኤስያ ከም ባህሊ ቅቡል ምዃኑ ይሕበር።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ዳሉል<br>ፋርማሲ ረሻም<br>ፋርማሲ ሰናይ | 30/06/2023 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ<br>ጎደና ተጋደልቲ ቁ. 20፡ ጥቓ ፋብሪካ ምስማር (ግዳይፍ)<br>ጎደና ዓዲ ኣቤቶ ቁ. 89። ትሕቲ ቤ/ት ማርቲን ሉተር ነበር | 125266<br>181048<br>08370129 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565